ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 267 25 ግንቦት 2014 ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሰንበት

ገጽ 2
ካብ 1ይ ክሳብ 8ይ ወራር ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ

ገጽ 3
ቃል ክብሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብኣጋጣሚ በዓል ናጽነት



ገጽ 4
ተኽላ ከተማ

ገጽ 5
ኣሎው ወደ'ቦይ ጌታቸው



ገጽ 7
ጉዳያም ኣልታሕረር - ኣብ ዕለት ዝኸሪ ምሕራር

# ወግዓዊ ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት ብልዑል ማዕርግ ተባዒሉ





ወግዓዊ ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ብምኽትል ፕረዚደንት ኣሰይድ ኢብራሂም ገንዱር ዝተመርሐን ኣመሓደርቲ ዞባታት ቀይሕ ባሕሪን ከሰላን ዝርከብዎን ልኡኽ መንግስቲ ሪፓብሊክ ሱዳን፡ ኣምባሳደራት፡ ዲፕሎማሲኛታትን ካብ ወሽጥን ወጻእን ዝመጹ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታትን ኣብ ዝተረኽብሉ ስነስርዓት ብልዑል ማዕርግ ተባዒሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘሰምዖ መደረ፡ ናጽነትን ልዑላውነትን ህዝብታት ዓይነታትን ፍሉይነትን ከምዝለዎ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነትን ልዑላውነትን ከኣ ናቱ ፍሉይ ቃናን ትርጉምን ከምዝለዎ፡ ታሪኽ ኤርትራውያን ንመግዛእቲ ድማ ብስልጡን ጅግንነትን ሓቦን ከምዝዋገለጸ፡ ኣብ ዘመን ዝሑል ኩናት፡ ኣብ እዋን መግዛእታዊ ምስፍሕፋሕ ብወክልና ዝተማስከረ ቅያ ተቓውሞን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ ጥርዚ ናይ ኩሉ መኸተን ጅግንነትን ሓቦን ከምዝገለጸ ኣብሪሁ።

“ኣብዘን ዝሓለፋ 23 ዓመታት'ውን እንተኾነ፡ ዝበለየ ሕልሚ ዓብላል-ጉብኡ ናይ ኣመራ ኣይተቐየረን፡፡” ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ናጽነት ሩፍታ ረኺቡ ንህንጻት ሃገር ኣብ ዝተበገሰሉ፡ ብዘይፈላለዩ ዝተፈብረኸ ምህዞታት ህወክትን ቅልውላውን ኣሳዊርካ ንምኹላፉን ጆሆ ንምሓዙን ንዝተኻየደ ሸርሒታት ድሕሪ ምዝርዛር፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነት ዝተወረ ልዑላዊ መሬቱን ፍትሒ ምእንቲ ከይምከት፡ ድምጹ ንምዕባስ ኣእዳው ንምቕያድን በስጉዳድ - ብስም ባይቶ ጸጥታ ዝሓለፈ እገዳ፡ ኣንፈታዊ መርኣያ ሰንሰለት ዓማጽን ዘይሕጋውን ተጻብኦ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣስዒቡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ንኣስታት 20 ዓመታት ዝቐጸለ እወጅ ኩናት፡ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ከይተጻዕደ፡ ተሪሩን ሰዊዱን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ ውዲትን ሸርሒታትን ኣብ ቅድሚ ዓለም እናተበለለን እናፈኸሰን ከይዱ፡ ናይ ፈሓስቱ ጭንቀት እናዛየደ፡ ወግሑ ጸብሐ ዝፍብርኽ ጠቕነታት መርኣያ ጥፍሽኡ ምኻኑ ብምምልካት፡ ኣብዘን ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ዘማስከሮ ናይ ጅግንነትን ሓቦን መኸተ፡ ኣብቲ ታሪኻዊ 100 ዓመታት ዝድመር ቅያ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መወዳእታ፡ “ ኣብ መቓን ናይ ሃገራዊ ህንጻት ዕምምትና፡ ፖሊቲካዊ ህንጻት ከም መብጽሒ ኣገዳሲ እጃም ስለዘለዎ፡ ምስ ናይ'ቲ ጉዕዞና ንምስንኻል ኪነቶድ ዝጸንሐን ዘሎን ተጻብኦ፡ ግዳማዊ ሓንካሪ ህቀናታት ብዙሕ ተማሂርናን ተማኩርናን ከምዝለና ጠቒሱ፡ ንመጻኢ መንግስታዊ ስርዓት መርሓ ፖሊቲካዊ ጉድና ዝቕደሰ ቅዋም ምንዳፍ ክጅምር ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ኣቐዲሙ ቃል ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ዘቕረበ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ኣብ መላእ ሃገርን ኤርትራውያን ኣብ ዝርከብሉን ሃገራትን ክካየድ ዝቐየ ደሙቕ ጽንብል፡ ኤርትራ ሃገር ሓበንን ሕድርን ህዝቢ ድማ በዚ ሕድሪ'ዚ ተጠሚሩ - ንሓደ ዕላማ ብሕበር መንፈስ ዝዓዘዘን ብዕዙዝ ስታፈሉ ሃገራዊ ጉዳያቱ ዘማዕርግን ህዝቢ ምኻኑ ደጊሙ ኣማስኪሩ ምህላዉ ጠቒሱ፡ ንኹሉም'ቶም ነዚ ደምቀት'ዚ ክውን ንምግባር ዝጸዓቱ ምስጋና ኣቕሪቡ።

እቲ ንኣስታት ሰለስተ ሰዓታት ዝቐጸለን ብደምጺ ሓፋሽን ኤራ-ቲቪን ብቐጥታ ዝተፈነወን ወግዓዊ ጽንብል፡ ብምርኢት ወተሃደራዊ ሰልፊ ሓይልታት ምድሪ፡ ባሕሪ፡ ኣየር ከምኡ'ውን ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት፡ ምርኢት ምንቅስቓስ ተመሃሮን ካልእን ብዝጠቓልል መደባት ማዕርጉ ነይሩ።

ጽንብል ናጽነትና ንምድማቕ ዝመጹ ጉጅለታት ባህሊ “ክራውን ንኩላ ኣፍሪቃ” ካብ ኡጋንዳ፡ “ዳይመንድስ” ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ከምኡ'ውን ኣብ ካናዳ እትቕመጥ ኤርትራዊት ደምጻዊት ሄርሞን ረዘነ ዘቕረብኦ ትሕዝቶ፡ ነቲ ስነስርዓት ደምቀት ወሲኹሉ።

# መራሕቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኢጣልያን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



ፕረዚደንት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ሼኽ ኸሊፋ ቢን ዛይድ ኣልናህያን፡ ምኽትል ፕረዚደንት ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኣመሓዳሪ ዱባይን ሼኽ መሓመድ ቢን ራሺድ ኣልመክቱምን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ኢጣልያ ጆርጆ ናፖሊታኖን ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ኣብ'ቲ ብምኽንያት ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብስሞም፡ ስም መንግስታቶምን ህዝብታቶምን ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ እቶም መራሕቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ንህዝቢ ኤርትራን ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።


# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ታሪኽ

## ካብ 1ይ ክሳብ 8ይ ወራር ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ ን1ይ፡ 2ይን 3ይን ወራራት ወያነ ዝምልከት፡ ኣብ ውልቃዊ ተዘክሮ ኣባል ሓይልታት ምክልኻል ኢሳቕ ተስፋማርያም ዝተሞርኰሰ ጽሑፍ ኣቕሪብና ምንባርና ይዝከር። ኣብዚ ሕታም ከኣ ኑቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረ፡ ትንፋስ ዘይህብ 8 ወራራት ደርግ ኣብ መእተዊ **መጽሔፍ መቕደሮ** ካብ ዝረኸብናዮ ጽሑፍ ምርኩስ ብምግባር ነቕርበልኩም። ካብዚ ክልቲኡ ሕታማት ኣብ ግዜ ሰውራን ድሕሪ ናጽነት ዝነበረ ወራራት ወያነን ፈላሊኹም ክትርድእዎን ተስፋ ንገብር።



ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብ1961 ካብ ዝጀመር ብዙሓት ዝተፈላለዩ መድረኻት እናሰገርዩ ን1970 ዝበጽሐ። ኣብዚ ግዜ እቲ ዝነበረ ኣካይዳን መሪሕነትን ንህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይርብሕ ዘስተውዓሉ ውሑዳት ንብይኖም ብምፍላይ ህዝባዊ ሓይሊታት (ጸኒሑ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝተሰመየ) መስረቱ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ከኣ ክልተ ሓይሊታት ሰውራ ቈይመን ነበራ። ሓይሊታት ሰውራ ኤርትራ ኣብ መፋርቕ 1970 ብዝሒ ተዋጋኢ ሓይሊ ሰብ፡ ኣጽዋር፡ ኣወዳድባን ናይ ውግእ ተሞኩሮን ሓይለን ዝቐረባሉ ግዜ'ዩ። ብኣንጻሩ ሰራዊት መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ሃይለስላሴ ካብ ስልጣኑ ብምእላዩ በቲ ሓደ፡ ካብ ኣሜሪካን ካልኦት ሓያላንን ትረኽቦ ዝነበረት ሓገዝ ብምቍራጹን በቲ ካልእ፡ ቀጻሊ መጥቃዕቲ ሓይሊታት ሰውራ ኤርትራ ተወሲኹዎ ተዳኺሙ ነበረ። ካብ ጥሪ 1977 ካብ ጥሪ 1978 ኣብ ዝነበረ ሓደ ዓመት፡ ሓይሊታት ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ህ.ግ. "ሰብን መሬትን በብቐሩብ ሓራ ምውጻእ" ዝብል ስትራተጂ እናተመርሐ ንዝበዝሐ መሬት ኤርትራ ሓራ ኣውጽኡ። ገለ ክፋል ምጽዋዕ፡ ኣስመራ፡ ዓሰብ፡ ዓዲቀይሕን ባረንቱን እንተ ዘይኮይኑ ኩለን ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ሰውራ ኤርትራ ኣተዋ። መግዛእቲ ከበቕዕ ለሚ'ዶ ጽባሕ እናተባህለ፡ ዝምድና ኢትዮጵያ ምስ ምዕራባውያን ሓያልን ብምልሕልሑ፡ ሕብረት ሶቭየት ነዚ ሃንፍ ተጠቒማ ንደርግ ልዕሊ ሓደ ቢልዮን ዶላር ዝትመን ኣጽዋር ሓገዝ ገበረትሉ። ብተወሳኺ ወተሃደራውያን ኣማኸርቲ ሕብረት-ሶቭብየት፡ ምብራቕ ጀርመን፡ የመንን ኩባን ተጸንበሩዎ። እቲ ዝነበረ ሚዛን ወተሃደራዊ ሓይሊ ክግልበጥ ድማ ግንድ ኰይኑ።

ደርግ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ወያነን ከም ዓቢ ስግኣት ይጥምቶም ስለ ዘይነበረ፡ ኑቲ ዝወጠኖ ገዚፍ ወፍሪ ክምክት ዝኽእል ህ.ግ. ጥራይ ነበረ። ደርግ 300 ሽሕ ዝበጽሐ ክሳብ ዓንቀሩ ዝዓጠቐ ሰራዊት፡ ኣብ ኣፍሪቃ እቲ ዝዓበየ ሰራዊት ሃኒጹ ነበረ። ህ.ግ. ድማ ፎኩስን ማእከላይን ብረት ዝዓጠቐ ካብ 15 ሽሕ ዘይሓልፍ ነበረ። ህ.ግ. ነዚ ናይ ሓርማዝን ጻጸን ፍልልይ ዘለዎ ሰራዊት ኣብ ሓደ ቈይማካ ክትገጥሞ ስለ ዘይክኣል፡ ኣብ ዝጥዕም ግዜን ቦታን እናገጠምካ ኣብ ዝተናውሐ ኲናት ንምርብራብ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ሓንጸጸ።

### 1ይ ወራር (ክፍላ ሰነ)

ኣብ ኲለን እተን ሓራ ዘይወጽኣ ከተማታትን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ግንባራት ተመስረተ። ዝርካቡ ሰራዊት ሰውራ ኤርትራ ከኣ ኣብ ኲለን ግንባራት ተማቓቒሉ ነበረ። ሰራዊት ደርግ ከኣ ብሓሙሽተ መስመራት ክጥቅዕ መደቡ ነበረ። መስመር ግርሁ-ስርናይ፡ መረብ-ዓዲኳላ፡ ሑመራ-ኣማሓጀር፡ ጋሽ-ሻምቢቆን ባጽዕ-ዶጎሊን እዮም። ብተወሳኺ ካብ ውሽጢ ኣስመራ ብወገን ሰሜን ክጥቅዕ መደቡ ነይሩ።

ሰራዊት ደርግ ኣብ ክፋላ ሰነ 1978 ብኹሉ ኣንፈት ሓያል መጥቃዕቲ ፈነወ። ህ.ግ. ከም ናይ ምክልኻል መደቡ፡ ኑቲ ብትግራይ ዝመጽእ ዝነበረ ሰራዊት ደርጊ ኣብ ግርሁ-ስርናይ ዓጊቱ ሰፍ ዘይብል ከቢድ ክሳራ ኣውረደሉ። ኣብ ዝጥዕም እናተኸላኸለን እናጥቅዐን ድማ የዝልቕ ነበረ። ደርግ ንምዕራባዊን ደቡባዊን ኤርትራ ተቖጻጺሩ ምስ ኣስመራ ዘራኽብ መስመር ይኽፈት'ምበር ኣዝዩ ከቢድ ዋጋዩ ከፈሉሉ። ኣብ ክልተ-ሰለስተ ኣዋርሕ ሰውራ ኤርትራ ክድምስስ ዝተበገሰ ደርግ፡ ኣብ ቀዳማይ ወራር ጥራይ ክልተ ኣዋርሕ ሓሊፉ ነበረ። ንሱን ኣማኸርቱን ኣብ ዝተናውሐ ኲናት ከም ዝተጸምዱ ተረድኦምን ሻቕሎት ፈጠረሎምን።

### 2ይ ወራር (ሕዳር 1978)

ኣብ ቀዳማይ ወራር ከቢድ ክሳራ ዝገጠሞ ደርግ ተወሰኹቲ ሶቭየታውያን ኣማኸትርቲ ናብ ኢትዮጵያ ብምእታው ሓድሽ ቅዲ ኲናት ክሕንጽጽ ግድን ኰነ። ህ.ግ. ኣብ ኣርባዕተ ግንባራት ዓሪዱ'ኳ እንተ ነበረ ኣብ ሕዳር 1978 ደርግ ብሰለስተ ግንባራት'ዩ መጥቃዕቲ ፈንዩ። ህ.ግ. ድሕር ቀዳማይ ወራር ዝነበር ሰለስተ ኣዋርሕ ድፋዑ ኣደልዲሉ ስለ ዝጸንሐ፡ ንሰራዊት ደርግ ከቢድ ዋጋ ኣኽፊሎ። ደርግ ግንባራት እናመጠጠ ካብ ምጥቃዕ ኣየዕረፈን። ሰራዊት ህ.ግ. ከኣ እናኣንስሓበ፡ ኣብ ዝጥዕሞ እናጥቅዐን ብድኑብያ እናሃጀመን ኣረብረበ። ሰራዊት ደርግ ምስ ናይ ክሳራኡ ንከረን ሒዙ ተረፈ።

### 3ይ ወራር (ጥሪ 1979)

ድሕሪ ካልኣይ ወራር ሰራዊት ህ.ግ. ኣብ መስመር ማዕሚደን ኣዝሃራን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጎንፈሎምን መከላኸሊ መስመር መስሪቱ ነበረ። ደርግ ኣብ መወዳእታ ጥሪ 1979 ብክልተኡ መስመራት መጥቃዕቲ ከፈተ። ሰራዊት ህ.ግ. ኣብ ክሳድ ክሳድ እናተኸላኸለ ክሳብ ከባቢ ናቕፋ ኣንስሓበ። ብ13 ለካቲት 1979 ኑቲ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ኰይኑ ዝተዃቱኹ ዝነበረ ሰራዊት ደርጊ ጸረ መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ ከቢድ ናይ ሰብን ንብረትን ክሳራ ኣውሪዱ ናብ ሩባ ሓዳይ ኣውረዶ። ሰራዊት ደርጊ በዚ መጥቃዕቲ ስለ ዝተሰናበደ ዳግም ንኽውድብ ነዊሕ ግዜ ወሰደሉ። ህ.ግ. ከኣ ረጊኡ መከላኸሊ መስመሩ ንምድልዳል ዕድል ረኺቡ'ሞ ግንባር ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተመስረተ።

### 4ይ ወራር (ሚያዝያ 1979)

ህ.ግ. ዓሪዱሉ ዝነበረ ቦታታት ነዋሕቲ ኣኽራናት ብምዃኑ ብገሎ ክጥቃዕ ዝኽእል ኣይነበረን። ደርግ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝተጠቕመሉ ናይ ውግእ ስትራተጂ፡ ዘሎ ዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ጠርኒፍካ፡ ብጽዑቕ ደብዳብ ኑቲ ግንባር ምብሳዕ እዩ ነይሩ። ብምሉእ ሓይሉ ትኹብትኽ ንድፋዓት ክበስዕ ዝፈነዎ ሓያል መጥቃዕቲ፡ ብኹሉ መኣዝን ተመኪቱ። ኣብ ግንባር ናቕፋ'ውን ብተመሳሳሊ ኣዝዩ ጽዑቕ ደብዳብ ኣሰንዩ መከላኸሊ መስመር ህዝባዊ ሰራዊት ንብሳዕ ዝከኣሎ'ኳ እንተ ጸዓረ ክኸውንሉ ግን ኣይከኣለን። በዚ ድማ ሰራዊት ደርግ ኣብ 4ይ ወራር ተወሳኺ ከቢድ ክሳራ ተሰኪሙ፡ ብዘይ ገለ ገስጋስ ተረኺሚሹ ተረፈ።

### 5ይ ወራር (ሓምለ 1979)

ደርግ ንሓምሻይ ወራር ክዳሎ ኣስታት ሰለስተ ወርሒ'ዩ ወሲዱሉ። 32 ሽሕ ሓደስቲን ነባራትን ኣጋር ሰራዊት ብምውሳኽ ተዳለወ። ደርግን ሶቭየታውያን ኣማኸርቱን ኣብዚ ወራር፡ ብክልተኡ ግንባራት ምጥቃዕቲ ብምኽፋት፡ ሳልሳይ ግንባር ብሞንጎ ኣብ ደብዓት ክጥቅዑ መደቡ። በዚ ናይ ደብዓት ግንባር ንናቕፋ ኣኽቢብካ ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብድሕሪ ንምህራም ነበረ።

ደርግ ንሓምሻይ ወራር ብ13 ሓምለ 1979 ብግንባር መእደኒሕጃቕ ጀሚሩዎ። እቲ ብክልተኡ ግንባራት ብጽዑቕ ደብዳብ ከቢድ ብረትን ነፈርቲን ተሰንዩ ፊትንፊት ዝተወሰደ መጥቃዕቲ መኺኑ ተረፈ። እቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ሳልሳይ ግንባር'ውን ፋይዳ ዘይብሉ ተረፈ። ህ.ግ. ጸረ መጥቃዕቲ ብምውሳድ ክሳብ ኣፍደገ ኣፍዓበት ኣሳጎጎ።

### 6ይ ወራር (ለካቲት 1982)

ድሕሪ ፍሽለት 5ይ ወራር ሰራዊት ደርግ ብሞራልን ዓቕሚን ተዳኺሙ ስለ ዝነበረ፡ ከምቶም ኣቐዲሞም ዝነበሩ ወራራት ቅልጥፍ ኢሉ መጥቃዕቲ ክበግስ ይኽእል ኣይነበረን። ሻድሻይ ወራር ንኽበግስ ክልተ ዓመትን ሽዱሽተ ወርሒን ወሲደሉ። ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኤርትራ፡ ተ.ሓ.ኤ. ጠቕሊላ ካብ ሜዳ ዝተጸርገትሉ ኲናት ሓድሓድ ይካየድ ስለ ዝነበረ ንኹዳሎ ሓገዝ ኰኖ። ኣብዚ ክልተ ዓመት ዝኣክል ወተሃደራዊን ቍጠባዊን ምቅርራባት ብምግባር፡ ሰፊሕ ፓለቲካዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊን ዲፕሎማሲያዊን ዘመተ ድሕሪ ኣካየደ። "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ዝሰመዮ ሻድሻይ ወራሩ ን15 ለካቲት 1982 ክጅምሮ ተዳለወ። ደርግ ኣብዚ ዕለት እዚ ክጅምር እናተዳለወ እንከሎ ሰራዊት ህ.ግ. ንጡፍ ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ብምውሳድ ብ12 ለካቲት፡ ኑቲ ኣብ ምሽብሻብ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ሃንደበት መጥቃዕቲ ፈነወሉ። ደርግ ውጥኑ ከይፈሸሎ ከይፈተወ ሻድሻይ ወራር ክጅምር ተገደደ። ክሳብ ብሰዳን ዝጥወ፡ ኑቲ ድፋዓት ብምምጣጥ ኣላሕሊሑ ኑቲ ግንባር ከፍርስ ብርቱዕ ውግእ እኳ እንተ ኸፈተ ክሰልጦ ግን ኣይከኣለን። ድሕሪ'ቲ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ምርብራብ፡ ልዕሊ 55 ሽሕ ሰብኣዊ ክሳራ ተሰኪሙ ዘፍ በለ።

### 7ይ ወራር (መጋቢት 1983)

ሰራዊት ደርግ በቲ ሰለስተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ከቢድ ምርብራብ ህ.ግ. ተዳኺሙ ይኸውን'ዩ ብዝብል ግምት፡ ኣብ መጋቢት 1983፡ "ካልኣይ ገጽ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ዝሰመዮ ሻውዓይ ወራር ኣንቀለ። እዚ ወራር ብልሙድ ኣጸዋውዓ ተጋደልቲ "ሰላሕታ ወራር" ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ኣብ ግንባራት ሓልሓልን ባርካን ዝተኸፍተ ወራር፡ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኸደ መሪር ምርብራብ ተኻየደ። ከምቶም ዝሓለፉ ወራራት ክፈሽል እንከሎ፡ ሰራዊት ደርግ ኣብ ርእሲ ተዳኺሙዎ ዝነበረ መሊሱ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ወረደ። ህ.ግ. ንድኻም ናይ ደርግ ብምግንዛብ ናይ መጥቃዕቲ ውጥናት ምውጻእ ኣየዕረፈን። ኣብ ተሰነይ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ነዊሕ ተጓዒዙ ብምጥቃዕ፡ ንተሰነይን ከባቢኣን ተቘጻጸረ። ኣብ ተሰነይ ብርክት ዝበለ ኣጽዋርን ተተኲስን ከም ዘሎ ኣቐዲሙ ተጸኒዑ ስለ ዝነበረ፡ ኑቲ መኸዘን ኣጽዋር ጸላኢ ብምቍጽጻር፡ ሓይሊ ተተኲሲ ክኻዕብት ከኣለ።

### 8ይ ወራር (ጥቅምቲ 1985)

ኣብ ሓምለ 1985 ህ.ግ. ንባረንቱ ኣጥቂዑ ብምቍጽጻር፡ ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ሓያል ምርብራብ ድሕሪ ምክያድ፡ ካብ ባረንቱን ከባቢኣን ኣዝለቐ። ስርዓት ደርግ ከኣ "ህ.ግ. ኣብ ውግእ ባረንቱ ተዳኺሙ ኣሎ" ዝብል ግምት ሒዙ ብተብተብ "ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ" ዝሰመዮ 8ይ ወራር ኣበገሰ። ሰራዊት ደርግ ኑቲ ካብ 10 ጥቅምቲ ክሳብ 10 ታሕሳስ 1985 ኲን ዶ ኹን ኢሉ ዘካየዶ ናይ መወዳእታ ቀቢጸ ተስፋ ፈተነ ብዓወት ህ.ግ. ተዛዚመ።

ምንጪ፡ መጽሓፍ መቕደሮ

(ካብ ገጽ 12 ክሳብ 29)

**መዓልታዊት ጋዜጣ**

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ኑብያት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ

"ካብ ኣብ ሞቕሖ ተቘሪንካ ምንባር፡ ስለ ናጽነት ህይወትካ በጃ ምሕላፍ ይበልጽ።"

- ዘይተፈልጠ

# ቃል ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብኣጋጣሚ በዓል ናጽነት

ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፥ ኣብ ውሽጢ

ክቡራንን ክቡራትን፡ ኣጋይሽ ዕዱማት

ኣብዚ ሎሚ ዓመት 2014 ኑበዕላ ዘለና ዕዙዙ ኣጋጣሚ ሓርነትናን ልዑላዊነትናን፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ፈተውቱን መሻርኽቱን የሃና! እዚ በዓል ንምዕዛዝ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርናን ዓለምን፡ መሰናድኦታት ወዲቡም ብዝተፈላለየ መሳጢ መድረኻት ምርኢት ዘማዕረጉ ሸማግለ በዓላትን ኣባላት ሰራዊትን ሃገራውያን ማሕበራትን ተመሃሮን መንእሰያት ማሕበረ-ኮማትን ጥበባውያንን መሃዙትን፡ ባህላዊ ጉጅለታትን ፈተውቲ ህዝብታትን ልዑል ምስጋና።

ፍሉይ ምስጋና፡ ኣብ መንጎና ንዝርከቡ ኣጋይሽ፡ ሓው ኢብራሂም ገንዱር፡ ሓው መሓመድ ጣህር ኤላ፡ ሓው መሓመድ የሱፍ ኣደም፡ ስለሱታፌኦም ንዕኦምን ህዝቢ ሱዳንን፡ ናይ ክብሪ ምስጋና ምስ ሰናይ ትምኒት።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን፡

ናጽነትን ልዑላዊነትን ህዝብታት፡ ዓይነታትን ፍሉይነትን ኣለዎ፣ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነትን ልዑላዊነትን ከኣ ናቱ ፍሉይ ቃናን ትርጉምን ኣለዎ። ኩሎም ህዝብታት ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓለፉ ታሪኻዊ እንተለዎም፣ እዘን ሎሚ ከም ልዑላውያን ሃገራት ንፈልጠን፡ ኣብ መወዳእታ 19 ዘመን፡ ምስ ዝሰፍሓፋሕ መግዛእቲ ኤውሮጳ ብቐንዱ፡ ቅርጺ ዝሓዘየን። ንናይ ሸዑ ጂኦ-እስትራተጂያዊ ኩነታት ዓለም፡ ኤርትራ ከም ባቡጉደና ምሽማው ሰሜናዊ-ምብራቕ ኣፍሪቃ ተወሲዱ ካብቲን ዝቐደማ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ቅርጺ. ክሕዛ ዝጀመራ ሃገራት'ያ። ምስ ናይ ሸዑ ውጥናት ምስፍሕፋሕ መግዛእቲታት፡ ክሳብ ምጅማር 2ይ ዓለማዊ ኩናት ከኣ፡ ኣብ ኣገዚ ፍጡን ማሕበረ-ቁጠባዊ መስርሕ ከም ትሰጋገር ተገይሩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ናይ ኣሰጉዳድ መስርሕ ምስግጋር (transformation)፡ ታሪኽ ተቓውሞ ኤርትራውያን ንመግዛእቲ፡ ብስልጡን ጅግንነትን ሓበንን ዝግለጽ'ዩ።

ድሕሪ 2ይ ዓለማዊ ኩናት፡ ምስ ምቅይያር ሚዛናት ዓለማዊ ስርዓት፣ ናይ ኤርትራን ህዝባን ጂኦ-እስትራተጂያዊ ቦታን ኣገዳስነትን ኣይቀየረን። እቲ ሸዑ ዝተባህለ ከም ዘመን "ዝሑል ኩናት" ዝፍለጥ ዓለማዊ ስርዓት፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ልዑላውነቱን ከፍለጥ ዝኾነሉ ከሰ፣ ኑቲ ዳሕራይ "ናጻ ኤርትራ፥ ንዓለማዊ እስትራተጂያዊ ረብሓታትና ኣይተገልግለን'ያ!" ተባሂሉ ዝተቓየሰ ውዲት 'ምኽኑይ' መቕድም ንምሕላፍ፥ ኣብ "ሞግዚትነት" ከምዝቖረን ተገይሩ።

ኣብቲ ሓጺር እዋን ሞግዚትነት እንግሊዝ፥ ዋላ'ቲ ንኣገልግሎት መግዛእቲ ዝተዋደደ ትሕተ ቕርጺ ፈጺሙ ከምዝዓኑ ተገይሩ፣ መንነት ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ዝተኻየደ ከፋፋሊ ስርሒታት ናይ ርሑቕ ተዘክሮ ኣይኮነን። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተመስከረ ተቓውሞ ኤርትራውያን ከኣ፥ ከም ወትሩ ብጅግንነትን ሓበንን ዝግለጽ'ዩ ነይሩ።

ቅዲ ዕብለላን ምግባትን ዘመን 'ዝሑል ኩናት'፣ ከምቲ ዝቐደሞ ቅሉዕ ቀጥታዊ መግዛእቲ ዘይኮነ፥ ብውክልናዊ ሚላ ዝኣለ ስለዝነበረ፣ ናይ ሸዑ ልዕለ-ሓያል ኣሜሪካ፥ ዓለማዊን ዞባዊን ዓብልል-ጉብት ንምርግጋጽ፣ "ከይጸዋዕኩዎም ምሆይ! ከይለኣኽኩዎም ናበይ!" ብዝብሉ ኣሳሰይታ፡ ንኤርትራን ህዝባን፥ ናብ መግዛእቲ ብውክልና ኣልሒቓ። ንሕርያ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ፥ ብዕንወትን ሓይሊን ንምቍጻይ ኣሜሪካን ዞባውያን መልሕቓታን ዝተፈጸመ በደል ኩሉ፥ እቲ ኣብርዩ ዝዘረየ ሕብረት-ሶቭየት ነበር ዝቐጸሎ ወራራት፥ ናይ ቀረባ ተዘክሮ'ዩ። ኣብ ዘመን ዝሑል ኩናት፥ ኣብ እዋን መግዛእታዊ ምስፍሕፋሕ ብውክልና ዝተመስከረ ቅያ ተቓውሞን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፥ ጥርዚ ናይ ኩሉ ታሪኽ መኸተን ጅግንነትን ሓበንን'ዩ።

እዚ ሎሚ ኣብ 23 ዓመቱ ኑበዕሎ፡ ኣብ 1991 ህዝቢ ኤርትራ ዝጨበጦ ናጽነት እምበኣር፣ ናይ ኣሰታት 100 ዓመታት ዘይሰልከ ብደሆን መኸተን ዛንታ፡ ኣንጻር ተኸታተልቲ መግዛእቲታትን ዕስብኦምን'ዩ ነይሩ። ስለዚ ከኣ'ዩ ቃናን መቐረትን በዓላት ናጽነትና፡ ፍሉይን መንቀል ረዚን ሓበንን ዝኾውን።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡

ኣብዘን ዝሓለፋ 23 ዓመታት'ውን እንተኾነ፣ ምስናይ ምኽታም ዝሑል ኩናትን ኣብ መስርሕ ዘሎ ዲናሚካዊ ዓለማዊ ምቅይያርን፣ ዝበለየ ሕልሚ ዓብልል-ጉብት፡ "እንኮ ሓያል'የ" በሃሊት ኣሜሪካ ኣይተቐየረን። ህዝቢ ኤርትራ ናይ ናጽነት ሩፍታ ረኺቡ፡ ንህንጻት ሃገር ኣብ ዝተበገሰሉ፥ ውሑዳት ዓመታት ከይሰገሙ፡ ህውከትን ቅልውላዋትን ኣሳዊርካ፥ ቀሳነትን ዕቤትን ኩሊፍካ ጅሆ ንምሓዙ፣ ግጭት "ባሕራዊ ዶባት ምስ የመን"፣ ሰዒቡ "ግጭት ዶብ ኣብ ባድመ"፣ ክልቲኦ'ዚ ፍርዳዊ መዕለቢ ምስ ተገበረሉ ከኣ፥ ምህዞ "ምስሕሓብ ዶብ ምስ ጅቡቲ"፣ ተኸታቲሉ። እዚ ኩሉ'ውን ንሸውሃት ዕብለላን ምግባትን ስለዘየጸገበ፥ ህዝቢ ኤርትራ፥ ንሓርነት ዝተወረ ልዑላዊ መሬቱን ፍትሒን ምእንቲ ከይምኽት፡ ድምጹ ንምዕባስን ኣእዳው ንምቅያድን፡ በሰጉዳድ ብስም ባይቶ ጸጥታ ኣብ 2009 ዝሓለፈ እገዳ፡ ኣንፈታዊ መርኣያ ሰንሰለት ዓማጺን ዘይሕጋዊን ተጻብኦ'ዩ። እዚ፡ ኩሉ ዓይነት ጸገታት ህዝቢ ኤርትራ ኣማህምሚኑ፡ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንምጽዓድ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ዝተሰነዩ፡ ብዙይ ዕረፍቲ ዝቶጸድ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ቁጠባዊን ናይ ፍልሰት-ሰባትን ሸርሒታት ከይረሳዕካ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ንኣሰታት 20 ዓመታት ዝቐጸለ እወጅ ኩናት መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ከይተጻዕደ፥ ተራሩን ሰዊዱን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ ውዲትን ሸርሒታትን ኣብ ቅድሚ ዓለም እናተበለለን እናፈኸሰን ከይዱ፣ ናይ ፈሓሰቱ ጭንቀት እናባዘየ፡ ወግሐጽብሐ ዝፍብረኽ ጠቕነታትን፡ ንሰምያ "የፍዳል ወጠጥዮን" መርኣያ ጥፍሸነቱ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብዘን ዝሓለፋ 20 ዓመታት ዘመስከሮ ናይ ጅግንነትን ሓበንን መኸተ እምበኣር፡ ኣብቲ ታሪኻዊ 100 ዓመታት ዝድመር ቅያ'ዩ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡

ምስ ኩሉ'ዚ ክብ ኢሉ ዝተዘርዘረ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነትን ክብሪ ልዑላውነትን፣ ኣብዘን ዝሓለፋ 20 ዓመታት ብመንጽር ኩሉ ዓይነታት ተጻብኦ ዘማዕበልናዮ ንቕሓት፣ መኸተና ንሓርነት ልዑላዊ መሬትና ከይሰልከየ፣ ብሸርሒታትን ምትኽታኹን ጅሆ ከይተታሓዝና፣ መኣዝንን ቀዳምነትን ጉዕዞ ህንጸት ሃገር ገጥ ምባል'ዩ ነይሩ። ትርጉም ክብሪ ሓርነትን ልዑላዊነትን ብዘላቒ (sustainable) ምምሕያሽ ዓይነት ሂወትን መነባብሮን ህዝቢ ስለዝገልጽ፣ ንሱ ኸኣ፡ ብዘይሕለል መኸተ ልምዓት ስለዝረጋገጽ፣ ቀዳምነት ቀዳምነታትና፡ ዝዓነወ ሃገራዊ ቁጠባ ድልዱል መሰረት ንምንጻፍ፣ ካብ ሰማይ-ጠቀስ ዓሙናዊ ዘብለጭልጭ ንፕሮፓጋንዳዊን ህዝባዊ ርክባዊን (PR) ሃልኪ ዝጋዋሕ ፕሮጀክትታት ጸዕዳ ሓረምዝ ዝረሓቑ፡ ዘላቒ ዕቤት ዘውሕስ፡ ሰፊሕን ርትዓዊን ዝርግሐ ዘለዎ፡ ዜግነት ዘኽብርን ዕድላት ዜጋታት ዘጸዓናብልን፡ ኣብ ሕርሻን ምስናዕን ኣገልግሎታትን ዘተኮረ፡ ሓቀኛ ቁጠባዊ ስርዓት ህንጻ ምንዳቕ'ዩ። ዘይንቕነቕ መሰረት ንምንጻፍ፥ ዘመዝገብናዮን ንመዝዮሮን ገስጋስ፡ ጽላት ብጽላት ዘልሓጥ ከይበለ፡ ዓቕምን ዓይነትን ዓቕሚን እናደለበ ይኸይድ ከምዘሎ ከኣ ባይታ ንዘጠመተ ርኡይ'ዩ። ድርኺቱን ናህሩን ከዘይድ ከምዝኸኣል ከኣ ኣየጠራጥርን። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ'ዩ፡ ገስጋሱ ንምሕናቕ ዕቡድ ተጻብኦታት ኪካየድ ንዕዙቡ።

ንኹሉ ዘላቒ ልምዓታዊ ገስጋስ፡ ምስ ካልእ ተመላኺ ጸጋታት፡ ጸጋን ዓቕሚ ሰብን ምኽዕባት ወሳኒ ስለዝኾነ፣ ፍልጠትን ሞያዊ ክእለትን ግብራዊ ናይ ስራሕ ተመክሮን ኣፍራይነትን ንምድራኽ፣ እናተዳኸመ ኪኸይድ ዝጸንሐ ዲሲፕሊን ትምህርታውን ሞያውን ስልጠናታት ንምሕያል ከኣ፡ ሸለል ኢልካ ዘይሕለፍ መድርኻዊ ዕማምን ዕቱብ ኣደህቦ ዝሓትትን'ዩ።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን፡

ኣብ መቓን ናይ ሃገራዊ ህንጸት ዕማማትና፡ ፖለቲካዊ ህንጸት ከም መበጽሒ (ወሰላ) ኣገዳሲ እጃም ስለዘለዎ፡ ምስናይ'ቲ ጉዕዞና ንምስንኻል ኪካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ተጻብኦ ግዳማዊ ሓንኻሪ ህቀናታት፣ ብዙሕ ተማሂርናን ተመኩሮናን ስለዘለና፣ ንመጻኢ መንግስታዊ ስርዓት መርሓ ፖለቲካዊ ጉደና ዝቕይስ ቅዋም ምንዳፍ ክጀምር ምዃኑ፣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከፍልጥ እፈቱ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኑቲ ብዘይምሕሳል ተጋዲሉ፥ ኩሉ መሰናኽላት ሰጊሩ፥ ብመስዋእቱ ናጽነት ክውን ገይሩ፥ ኣብ ዘይሰልከ ልምዓት፡ ምስ ቁልዓ ዝሓዘላ ኣዴታት ከይተረፈ፥ ኣብ ከቢድ ልምዓታዊ ወፍሪ ዝርከብ ህዝቢ፣ ብጅግንነትን ሓበንን፡ ደሙን ረሃጽ ጉልበቱን ወፍዩ፣ ዋልታ ልዑላዊነትን ሕመረትን ዲናሞን ልምዓታዊ ህንጻ ኩይኑ፥ ቀትርን ለይቲን ሓኾት ዝብል ዘሎ ኩሉ ክፋላት ሓይሊታት ምክልኻልን ድሕነትን፣ ናይ ክብሪ ሞሳ ይብጻሓዮ! ጥሉል ክራማት!

ዘልኣለማዊ ክብሪ ንሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ!



# ተኸኣላ ከተማ

<u>ማብል 12 ክፋል</u>

*ተሸኣላ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃማመተኤ ብሽም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዳደም ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ክልቴል ብዝዓበል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።*



<u>ብንያም ፍስሃጽዮን</u>

"ምሳኺ እንደየ ዝዛረብ ዘለኹ!" ግብረ መልሲ ምስ ሰኣነ ህድእ ኢሉ ደገመላ። ከምኡ ጠብዩ ዘይትፈልጦሉ ብምንባራ 'እምበርዶ ሓቂ'ዩ?' ዝብል ስምዒት ፈጠረላ። "ኣብዚ ዓዲ'ዚ ስለ ዝኾነ ኢና ብዘይ ዓጃቢ ንኸይድ ዘለና'ምበር ኣብ ካልእ እንተዝኸውን ብዘይ-ሓለዋ ናብ ዝኾነ ምዕይ ኣይምብልናን። ንስኺ ድማ መንትየይ ትፈልጢ ኢኺ? ከመይ ገይርኪ ጸላኢ ይኹን ፈታዊ ዘየረጋገጽክዮ ሰብ ናብ ቤተይ ተእትወዮ?"

"ኣነስ ብዛዕባ ፋትኤል ስለ ዝተዛረብኩ'የ ኣሚነያ።" ንፈለማ እዋን ቃል ኣስተንፈሰት። "እምበር ክጥንቀቕ ከም ዘለኒ ደኣ ኩሉ ግዜ ትሕብረኒ እንዲ'ኻ።" ካብ ስክፍታ ከይረሓቐት ተመሻኸኸት።

"እዚኣ ናይ መወዳእታ መጠንቀቕታ'ያ።" ብሓይሊ ቃል ኣድመጸ። "ድሕሪ ሕጂ ተወሳኺ ዘረባ ክዛረብ ከም ዘይኮንኩ ኣሕብረኪ ኣለኹ። ዝብኣ ክሳብ ዝሕዝዚ ኣድጊ ኮይነ ክጽብ ዘይደሊ ፍጡር ምኻነይ ክትፈልጢ ይግባኣኪ። ንጹሓይ እንተኣሚነ ንኮኾብ ዘመስጦከሉ ልሳን ክህልወኒ ድም ኣይደለን'የ። ስለ ዝተኣመንኪ ኣብዚ ምሳይ ከም ዘለኺ ክትፈልጢ ኣለኪ። ንሱ እንተኣጥፊእኪ ግና ሞሳኺ መርገም ከይመስለኪ።" ኣእጋሩ ካብ ራሕቡ ኣወጸኦ። ጸገ ኢላ ክትሰምዖ ዝጸንሐት ብርኽቲ ብዘረባ ስለ ዝሓለፈላ ኣመስጊና፡ ራሕቡኣ ኣልዒላ ናብ ልዳት ተሳለየት። "እታ ጋሻ እንታይ'ያ ትብል?"

"ብጉዳይ ዋሕስ'ያ መጺኣ። ፋትኤል ተኣሲሩ ድዩ ዘሎ?"

"ኣነ ክውሓሶ?" ሕቶኣ ጎሰዩ ናብ ምንጽርጻር ኣተወ። "ወረ ክንደይ ይደፍሩ'ዮም!" ርእሱ እናንቕንቐ ብድድ በለ። ብዘይሚማ ምንባሩ ከይሰሓተ ድማ ኣብ ዝተጸፈ ናይ ሳሎን መንጸፍ የማን ጸጋሙ ተጐዓዘ። ብርኽቲ ኣኹብሮታ ንምግላጽ ሸቦጥ'ኳ እንተቐበለቶ ብዙሕ ግና ኣይተገደሰላን። "መሳቶኣም እኳ'ዮም ዝጉብሩኒ ዘለዉ። እምበርዶ መንትየይ ይፈልጡ'ዮም እዞም ሰባት?" ስሒቑ ካብ ላዕላይ ጅባኡ ሽጋራ ኣወጸኦ። "ምሳሕ ቀርብለይ!" ዝብል ትእዛዝ ድሕሪ ምሕላፍ ሞባይሉ ኣወጺኡ ኣጻብዕቱ ኣብ መልጎም ኣዕረፈን። "ሄለው ኣቶ ዘርእዝጊ?" ኣድመጸ ንዝዮብለኾ ናይ ሽጋራ ትኪ ካብ ቀድሚኡ ክኣሊ ኣእዳው እናወዛወዘ። "እንታይ ደኣ ህልም ኢልካ ጠፊእካ? ካብ ኑብሪ ንግዜኡ ተምልጥ ኢራብ ኑብሪ ክሞተላ ጥራይ'ያ ጸሎት ክትጉብር ዘለዋ። ምኽንያቱ ኑብሪ ብህይወት እንተሎ ኣብ ዝቐጽል መዓልታት ካብ ሓደጋ ስለ ዘይተምልጥ። ንስኻ ድማ ንግዜኡ ምስዋር ዝመርጸካ ኢኻ ትመስል ዘለኻ።" ካብ ክሳድ ንላዕሊ ካርካር በለ። "ኣቦይ ሓያል ሱብኣይ ከም ዝነበረ ብዙሕ እዋን ነጊረካ ኣለኹ። ከምዚ ናትካ ንዘጉብሩ ሰባት፡ 'ኮበርታ ተጎልቢብካ ካብ ጸላም ምህዳም' ኢሉ'ዩ ዝገልጾም ነይሩ። . . . . . . ደሓን ጸገ ኢልካ ጥራይ ስምዓኒ. . . .ብዛዕባኡ ግደፎ እንዶ!" ብሓይሊ ቃል ተቐጥዐ። "ዘርእዝጊ ኣብ ፒንዙብ ዘለካ ኣረኣእያ ስለ ዝፈልጥ እተን ዝቦሳዕኖን ፒንዙብ ክትመልሰለይ ኣይትትዓብ። ኣብ ሓደ እዋን ፒንዙበይን ንዓኻን ክስእን ኣይደለን'የ። . . . .ኣንታ ግደፎ እንዶ!" ነደረ ዘርእዝጊ ስለ ዘቑረጾ። "ሕጂ ብቐጥታ ናብ ዕዳጋ ሓሙስ ወረድ። ኑቲ ብቐዳማይ ዝተረዳዳእናዮ ዝኸውን ጠገዕ ሕጂ ዕዳጋ ሓሙስ ኪድካ ግዛእ። ንእግረ መንገድኻ ድማ ናብታ ሰበይቲ ተኣሊኻ ጸግዕ ብሓባር ከንከይድ ምኻና ሓቢራ። . . . . ኣደኡ ንፋትኤል'ምበር መን ደኣ!" ሓረቐ። "ትብሎ እንተዘይብልካ ወዲኣ ኣለኹ።" ሞባይሉ ጨቢጡ ግብረ መልሲ ተጸበየ። . . . . "ኖኖእ በገዕ ሒዝና ክንከይድ ምኻና ጥራይ ኢኻ ትነግራ። ጸባሕ ንግሆ ኢና ክንከይድ። . . . . "ዘይምልከታ ኣይምልከታን'ዩ። ንሕና ንከታተሎ ከም ዘለና ሓብረን። . . . . "ኣየ እዚ ንሸኻትኩም ባህሊ ትብልዎ ነገር!" ብሕርቃን ተጐዋነወ። "ትርጉም ዘይብሉ ባህሊ'ዩ እዚ። ሓደጋ ወዚቢ'ዩ እዚ ድማ'ዩ ክርአ ነይርዎ። ገለ ሒዝካ'ዩ ዝኸየድ እንታይደሳ ከመይደሲ . . . ድሕረትን ዘይምምዕባል'ዩ፣ ሃዛ ተኸሉፍ!" ኣቶ ዘርእዝጊ ዝሀቦ ግብረ መልሲ ተጸበየ። "ክትዛረብ እንተደልያ ትዛረብ፣ ግና ክትፈልጥ ዘለዋ ኣረጊት ሞት'ምበር ለወጢ ከምጽእ ዝጽብበዮ ሰብ ከም ዘየለ ሓብራ። ከምኡ ግበር በቃ!" ሞባይሉ ዓጸወ።

***

ኣብ ቀድሚ መርማሪ ፖሊስ ዝቐረበ ፋትኤል፡ ኣዒንቱ ከፍጥጥ እንተዘይኮይኑ ኣንጻር'ቲ ዝሰምዖ ዘረባ ክምልስ ዝኾል ኣይነበረን። ዝውሓሶ ረኺቡ ክወጽእ ምኽኑ ንኡብሱ ኣእሚኑ'ዩ ኣብ ቀድሚ መርማሪ ፖሊስ ቀይሙ ዝነበረ። ኣብኡ ግና ተሰፋ ዘቑርጽ ዘረባ'ዩ ጉዚምዎ። "እንታይ ደኣ ዝውሓሶካ ስኢንካ ዲኻ?" ዝብል ሕቶ ምስ ቀረበሉ ኣዒንቱ ኣፍጠጡ'ዩ ዓንዲ ጨዉ ኮይኑ።

"እንታይ ጸገም'ዩ ወደይ?" ፋትኤል ርእሱ ኣድኒኑ ሕንቕንቕ በለ። "እሞ ተሌፎን ክድውል ዘይትተሓብበረኒ።" ድሕሪ'ቲ ዘረባ ኣብ ኣእምሮኡ ዝመጸኣት ሰብ እንተነይራ ኣፍቃሪቱ ሚኪያ'ያ። ደሃይ ናይ መልእኽቱ ክጉብር ድማ'ዩ ፖሊስ ክተሓብበሮ ሓቲቱ።

"ሕራይ ደወል!" ፖሊስ ብድድ ኢሉ ንደገ ወጸኣ። ነጻ ኮይኑ ክዛረብ ጥጡሕ ባይታ ክፈጥረሉ ዝደለየ ይመስል። ፋትኤል ምስ'ቲ ተቐጻጺርዎ ዝነበረ ከቢድ ስምዒት እናተቐራቐሰ ልዓት ተሌፎን ኣልዒሉ ቁጽርታት ጠዋወቐ።

"ሄለው ሚኪያ?" ድምጹ ኣልዘብ ኩበሎ እናፈተነ ክዛረብ ጀመረ። ኣብ ስራሕ ሚኪያ'ዩ ደዊሉ። ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ደኳን ከም ትጸንሕ'ዩ ዝፈልጥ።

"እውይ ፋት ሓወይ እንቋዕ ኣሓጎሰና!" ዘረጋገጸቶ ዘይብላ ሚኪያ ኣብ ቀረባ ጸኒሓ ሓጎሳ ብምጭዳር ገለጸቶ። ፋትኤል ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጽአ'ዩ ዝመስላ ነይሩ። "መዓስ ደኣ ወጺእካ?" ድሕሪ ዝፍንቅል ሓጎስ ምቕልሓ ገጹ ክትርኢ እናተሃንጠየት ሓተተት።

"ሚኪያ ኣይትተሃወኺ!" በላ ፋትኤል ቅልጥፍ ኢሉ። እቲ ዘረባ ቅሰሚ ሚኪያ ዝሰበረ'ዩ ነይሩ። ፋትኤል፡ ኣንታይ ከም ዝብላ ጠፊእዎ ንገለ ካልኢታት ልሳኑ ተለኺቱ ምዝራብ ሰኣነ። "እንታይ ክወጽእ ደኣ ኣይወጻእኩን!" ናይ ኣፍቃሪቱ ስምዒት ከም ዝተራእዮ ሕንቕንቕ በለ። "ዝውሓስ ሰብ ስለ ዝሰኣንኩ ክሳብ ሕጂ ኣብኡ ኣለኹ።" ቃናኡ ተሰፋ ከም ዝቐረጸ ዘረጋግጽ ነበረ።

"ኣዉይ ሓወይ!" ሚኪያ፡ ንብዓት ክሰዕራን ስቕሰቕ ኢላ ክትነብዕን ተሰምዐት። "ኣነ'የ ተጋግየ ፋት ሓወይ! ኣብ ልዕሊ ሓላፊኻ ምሉእ እምነት ከሕድር ኣይነበረንን። ብዘይካይ ካልእ ዝበደለካ የለን።"

"ንዓኡ ረኺብክዮ ዲኺ? ረኺብክዮ እንተኾንኪ እንታይ ኢሉኪ?" ምስ ዝበሮ ጸቕጢ ከምቲ ዝድለ ሓሳቡ ክገልጽ ኣይከኣለን። "ቢዳኺ ሕጂ'ውን ብኣካል ኬድኪ ክውሓሰኪ ሕተትዮ። ሚኪያ እቲ ዘጋጠማ ብዝርዝር ኣዕለለቶ። ብዋሕስ ክወጽእ ካብ ዝበሃል ሰለስተ መዓልቲ'ዩ ሓሊፉ ነይሩ። "እሞ ብርኽቲ ከይነገረቶ ረሲዓቶ ከይትኸውን።" ጥርጣሬኡ ገለጸ።

"ሞባይሉ ሃቢ! ሕጂ ደዊለ ከረጋግጽ'የ።" በለት ሚኪያ፡ ዝዓበየ ጌጋ ናታ ምኻኑ እናኣመነት። "ኣነስ ወደይ ተብጽሓሉ ኢለ'ምበር ከምዚ ትጉብረኒዶ መሲሉኒ። ብዝኾነ ኣረጋጊጸ ክሕብረካ'የ። ንቁሩብ ደቓይቕ ተጸበየኒ። እንተዘይኮነ . . . ."

"ንገርለይ ጥራይ!" ኣየወድኣን ሃንደበት ኮሊፋ ርእይቶኡ ከፍስስ ጀመረ። "ብህይወት ከይተረፈ ክሓልፈለይ ከም ዝኽእል ጥርጣረ የብለይን። በቃ ቻው! ጸባሕ ድማ ዝዘበርኪ ገይርኪ ምስኡ ምጽኣ። የፍቅረኪ'የ ሚኪያ ሓብተይ!" ንብዓታ ብቛንቋ ፍቕሪ ከረስዓ ዝኽኣሎ ገበረ።

"ኣነ'ውን ካብ ልቢ'የ ዘፍቅረካ!" ሕንቕንቕ እናበለት መለሰትሉ።

***

"ኣንቲ ሰበይቲ ብኸያት እንታይ ክዓብስ'ዩ ህድእ ዘይትብሊ!" ኣቶ ዘርእዝጊ ኣብ መንጎ ስለ ዝተቐርቀረ ዝበሎ ጠፊእዎ ዕንይንይ በለ። ኣብቲ ወይዘሮ ታቦቱ ዝቕመጣሉ ቤት'ዩ ነይሩ። ነጥሪ ዘበሎ ፈጺሙ፡ እቲ ዝርዝር ምስ ነገረን'የ ወ/ሮ ታቦቱ ለቐሶ ተተሓሒዘንኦ፡ "ኣይተሓገዝኩን ዘርእዝጊ!" ስምዒተን ገለጻ። "ናይ መንግስቲ ሚኪናዶ ኣይተኣሳትን? ኣብ ስራሕ መንግስቲዶ ኣይተሃነ ወደይ ሓደጋ ኣጋጠምዎ ዘሎ? ነጥሪ ከምዚ ኣይነበረን ምስ ወደይ! ቀትሪ ኣይብል ምሸት፡ ሃዛ መኣዲ'ኳ ክሳብ ዝበልዓ ይጽበዮ ኣይነበረን። ሕጂ ግና ወደይ ተረሲዑ፣ ካልእ ግደፎ ሃዛ ዝውሓሶ ሰብ ክስእን። ብዋሕስ ክትወጽእ ኢኻ ካብ ዝበሃል ሰሚ ሳልስቱ'ዩ።" እንጽርጽሮተን መፅኑቲ ኣይነበሮን።

"ደሓን ከምኡ ገይርኪ ኣብ ስምዒት ኣይትእተዊ። ኣነ ክሳብ ሕጂ ዋሕስ ከም ተባህለ'ውን ኣይፈለጥኩን። ነጥሪ ድማ መገሻ ስለ ዝበዝሖ ኣየርከበሉን'ምበር ኣይተሃነ ንፋትኤል ንኻላ ዝኸውን ሓላፊ'ዩ። ሕጂ ግና ናይ ዝሓለፈ ጉዳይና ናይ ዝመጽእ ንግበር።" ምስ ነጥሪ ዝተረዳድእዎ ብዝርዝር ሓበረን።

"እንታይ'ሞ ክብል'የ . . ." ኣእዳወን ናብ ሰማይ ዘርጊሐን ጸገመን ፈጣሪ ክፈትሖ ኣጸለያ። "ኣነ ደኣ ኣለኹ፣ ኩሉ ሳዕ ኣብዚ ቤተይ ኣለኹ። ግና እዚ ቁልዓ ወዱ'ዩ። ተዋሒሱ ክወጽእ ድማ ተማሕጺኒሉ። ሕጽይቱ ከይዳ ኣይረኸበቶን። ንሓንቲ መዓልቲ መገሻ እንተተረፈቶ እንታይዶ ክኸውን'ዩ? ዶስ ብወደይ ኣነ ጥራይ'የ ክሓስብ ዘለኒ? ምስኡ እንተተራኸብኪ ጸቡቕ ነይሩ።"

"ኣብ መገሻ ስለ ዘሎ ሕጂ ኣይክእልን'የ። ጸባሕ ግና ይኣቱ ይኸውን'ዩ ሽዑ ቁር ዝበለክን ጉዳይ እንተሎ ሓብራኦ። ሓደራ ግና ዘርእዝጊ ኣማኺሩኒ ከይትብላ።" ስክፍታኡ ገለጸለን።

***

"ኣነ ከም ዝመጻእኪ ዝሓበረኒ ሰብ የለን። . . . ገዛ ኣቲኺ እዛ ትብልያ ዘለኺ ኩዳሚተይ ረኺብክኪ?" ዝገረሞ ክመስል እናንጸርጸረ ሓተታ። ሚኪያ ኣብ ናይ ምሳሕ እዋን ካብ ስራሕ ምስ ወጸት'ያ ንዛጥሪ ረኺባቶ። ሞባይል ምስ ደወለትሉ ድማ ኣብ ሆቴል ክሪስታል ክትመጾ ቆጺርዋ።

"እንታይ'ሞ ክሕሱ'የ ኣንታ ነጥሪ!" በለት ሚኪያ ተሞቦር ናይ ብርኽቲ ኣዝዩ እናሕረቓ። "እሞ ድማ ሓደራ ኢለ'የ ተላብየያ።" መንክሶ ደጊፋ ተጐዋዚወት ብተሞቦር ብርኽቲ እናተገረመት። "ዝኾነ ኮይኑ እንቋዕ ሕጂ'ውን ረኺበኩኻ።" ኣብ ዝርዝር ኣትያ ኣፍቃሪኣ ዝሰላ መልእኽቲ ምንም ከየጉደለት ብዝርዝር ሓበረቶ።

ነጥሪ ንገለ ካልኢታት ኣብ ሓሳብ ከም ዝኣተወ ኣብ ሰቕታ ተዓቝበ። ቀድሚ ብልሳኑ ምዝራብ ኑቲ ዝቐረበሉ ጉዳይ ከም ዘይቅበሎ ብስምዒቱ'ዩ ኣረጋገጸ። ደጋጊሙ ሽጋራ ክትክኽ ተራእየ። ሚኪያ'ውን ካብ ገጹ ነጥሪ ናይ ዘይዕገበት ስምዒት ተዓዚብ'ያ። 'እዚ ሱብኣይ ደስ ኣይበሎን' ኣናበለት እንክላ'ያ ድማ ነጥሪ ከድምጽ ሰሚዓቶ። "ውተሃደር እሞ ድማ ሓላፊ ፈጺሙ ክውሓስ ኣይክእልን'ዩ። ከምኡ ምኻኑ ድማ ፋትኤል ጽቡቕ ገይሩ'ዩ ዝፈልጥ። ስለዚ ካልእ ሰብ ደኣ ንደልየሉ'ምበር ኣነ ብወከይ ከም ዘይውሓሶ ዝተፈልጠ ነገር'ዩ።" ኣብ ጉዳይ ፋትኤል ኢዱ ከም ዘየእቱ ብግልጺ ሓበረ።

"እዋእ!" በለት ሚኪያ፡ ኣፍቃሪኣ ዝበላን ዝጸንሓ ግብረ መልስን ዘይጠፃዓም ኮይንዋ ነበረ። "ንሱ ደኣ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ልዕለኻ እምነት ከም ዘለዎ'ዩ ዝዛረብ ዘሎ። ካልእ ኣማራጺ ክንረኽበሉ'ኳ ዘይሓተተ። ንስኻ ትብሎ ዘለኻ ድማ ብኣንጻሩ።" ሚኪያ ተጉተረመት።

"ኣነ እቲ ዝኸውን እየገርኪ ኣለኹ።" ሕርቃኑ ኣብ ጥርዚ ክበጽሕ ካልኢታት ጥራይ'ዩ ወሲዱሉ። "ኣይክውንን ድማ ኣይክውንን'ዩ።" ወሰኸኡ ብኸድሪ ኣፍለጠ። "ፋትኤል ጥዑይ ኣይተሃነ መሲሉኒ! ስለምታይ እናፈለጠ ከም ዘይፈልጥ ኮይኑ ይቐርበኪ።" ሃንደበት ዓዉዓዉ ክብል ተሰምዐ። "ዝውሓስ እንተዘኸውን ንዓይ ምሓሸኒ። ብዘይ ኣውቲስታ'የ ዝኸይድ ዘለኹ። እናፈለጥካ ዘይትካ ምዝራብ ግና ጽቡቕ ኣይተሃነ። እዋእ!" በለ ዕግበት ሰኣኑ ዕግርግር እናበለ።

"እሞ እንታይ ደኣ ክጉብር'ዩ?" ዝጨነቓ ሚኪያ ናይ መወዳእታ ሕቶኣ ኣቕረበት። ነጥሪ መንክቡ ሰቕጥ ኣቢሉ ጥራይ መለሰላ።

ይቕጽል



# ንጊሆው ጽባሕ ሰሚ ንሰራሕ

# ኣለሙ ወደ'ቦይ ጌታቸው

ጸጋብርሃን ጎይትኦም

24-5-1991 ከባቢ ሰዓት 5-6 ድሕሪ ቐትሪ

“ኳሕ. . . ኳሕ፣ ቶግ! ተሮግሮግ. . .!” ብረፍዱ ዝጀመረ ደምጺ ተትኳሲ'ዩ ንኸተማ ኣስመራ ኣናዊጽዋ ውዒሉ፣ ከም ልምዲ ወሰድናዮ ብምንባርና፡ ዳርጋ ካብ ኣባላት ስድራና ዘቖለበሉ ኣይነበረን። ልክዕ ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ፡ ንኣቓልቦና ዝስሕብ እልልታ፡ ካብ'የ ኩርንዑ ተፈነወ፣

“እንታይ ተረኺቡ!?” ንኹሉና ኣባላት ስድራ ዘይተመለሰ ሕቶ'ዩ ነይሩ፣ ህዝቢ ከካብ ገዛኡ ብምውጻእ ብሓጎስ ክዘልል ከሎ፡ ደቂ'ቲ ገዛውቲ ዝኾና ህጻናት ድማ እንታይ ተረኺቡ ከይፈለጥና፡ ከም ሰብና ብሓጎስ የማን ጸጋም ክንዘል ጀመርና፣ ኩሉ ሰብ ደጋጊሙ “ናጽነት” እትብል ቃል ክደጋግማ እንከሎ፡ ትርጉም ናጽነት ንዓና ኣይንፈልጦን'ዩ ነይሩ። “ናጽነት እንታይ'ዩ? ዝበልዕ ድዩ ዝስተ? ወይስ ካልእ ትርጉም ኣለዎ?” ኣባላት ስድራና፡ ብዙሓ መግለጺታትን ቃልሲ ንናጽነትን እንትርፎ ከሕሾኽሹኹ ከዕልሉ ሰሚዕናዮም ንፈልጥ ብዘይ ምኽንያት፡ ትርጉም ናጽነት ክበርሃልና ኣይክኣለን፣ ልቢ ህጻን ዘመንጨዎ የዋህ ኣተሓሳስባ!

ሓደ መዓልቲ ይዝከረኒ በቲ ኣብ ገዛና ሓፍተይ፡ ናይ ምንታይ ምኽንያት ኣይፈልጥን ረደዮ ወሊዓ፡ “ሃገረይ ናፊቐያ፡ ሰላም ሰላም ትብል ኣላ. . .!” እትብል ደርፊ ታረቀ ተሰፋሂወት ምስ ብዙሕ ናይ ሸሸ ድምጺ ምስ ወልዓታ፡ ኣጥፍእያ ብምባል ተቛይቓታ፣ ስለምንታይ ግና ደርዳኣኒ ኣይነበረን፣ ዘይረሳዕክዎ ግና ኣብ ገዛና ዓቢ ዕግርግር'ያ ፈጢሩ፣ ዝፈጠረቶ ዕግርግር ስለ ዘይረሳዕኩ'የ ድማ ንታ ፍጻሜ ዘይረሳዕክዎ። ቃልሲ ንናጽነት ይንየድ ምንባሩ ዝርድኣና ኣይነበረን - ንዓይን ንመታዓብቲተይ ደቂ ኣባሻውልን፣

ኩሉ ሰብ ይዘልል ይሕጎስ፣ ንሕና ድማ ከም ሰብና፣ ከባቢ ሰዓት 5.00 ድ.ቀ ግና ንኣቓልቦና ዝስሕብ ነገራት ተዓዚብና፣ ክልተ ብሓመድ ዝደረኑ፡ ጸጉሮም ተዓኻኺሉ፡ ክዳውንቶም ሓመዳዊ ኮይኑ ዝበለዩ፡ ብረትን ዕጥቅን ዝሓዙ ኣብ ከባቢ ገዛውትና ምስ መጹ ኩሉ ሰብ ሓሓዚቑ ክስዕሞም ጀመረ፣ ንሕና'ውን ከም ሰብና ሰብ ይስዕሞም ኣሎ ኢልና፡ ክንስዕሞም ጀመርና፡ መን'ዮም? እንታይ'ዮም ግና ወይከ! ንኹልና ብሓባር ይስዕሙና'ኳ እንተነበሩ፡ ኩሉ ምንቅስቓሶም ግና ሸበድበድ ዘተሓወሶ'ዩ ነይሩ፣


ንሓንቲ ካብዞን ኣንስቲ ፈልዮም ይዛረቡ፡ ጸጊሖም ናብ ካልእ ሰበይቲ ይሰግሩ፣ ናብ ካልእ ይኸዱ፣ ኩሉ ሰብ ክስዕሞም ይጓየ፡ ንሶም ሰባት ፈልዮም ይዛረቡ። ኣብ'ዚ ኢጋጥሚ'ዩ እምበኣር ብመንገዲ ኣለሙ ወደ'ቦይ ጌታቸው ትርጉም ናጽነት ዝበርሃልና ዘሎ. . .!

ምስ ኣለሙ ኣብ'ቲ ተወሊደ ዝዓበኹሉ ገዛውተይ ኣባሻውል ኢና ንፈልጦ፣ ንሱ ኣብ ገዛውትና ዝቕመጥ ኮይኑ፡ ካብ'ታ መዓንጣ ቐጺረ ደገ እናወጻእኹ ክጻወተላ ዝጀመርኩ እዋን'የ ዝፈልጦ፣

ኣብ ከባቢ ገዛውትና እትቕመጥ ክልተ ቘልዑ ዝወለደትሉ ሰበይቲ ነይራቶ፣ ብቓል ኪዳን ዝተቓረኑ ደቂ'ም ኣይኮኑን ዝፈልጦ ኣይነበረን፣ ግና ስሕት ኢሎም እንተዘይኮይናም፡ ብዙሕ እዋን ጠቢዮናም ክንጻዙ ኢና እንዕዘቦም ነይርና፣ ንሱ ሓንቲ ቐጠልያ ዝሕብራ መኪና ጌሩ ክኣቱን ክወፍርን ከሎ፡ ሰበይቱ ግና ብእግራ'ያ ትገዓዝ፣ ኩነታት መነባብሮኦ ከኖ'ዚ ዝፈልጦ ኣይነበርኩን፣

ኣለሙ'ቲ ካልእ ሸነኹ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት'ቲ ገዛውቲ ዘይሳተፍ ምኽንያቱ'ዩ፣ ሓዘን ይኹን መርዓ እንድሕር ኣሎ፡ ብዘይካ ንሱ ካልእ ተቐማጢ'ቲ ገዛውቲ ኣብ ስራሕ ይሳተፍ፡ ንኣለሙ ግና ርእየዮ ኣይፈልጥን፣

ደቂ'ቲ ገዛውቲ ህጻናት ኩሎ እናተጻወትና ከለና ብመኪና እንድሕር መጺኡ፣ ካብ መኪና ብምውራድ ንታ እንጻወተላ ኩዕሶ ሒዙ ኣብ ልዕሊ ዚንግ ናይ ገዛ ይሰንድዋ፣ ክትምልሰሉ እንተፈቲኻ ዘቐምጦ መረር ጸፍዒት ትርሳዕ ኣይኮነትን፣ ሓደ ግዜ ኣብ ሓያል ስምዒት ኣቲና እናተጻወትና ከለና፡ ሃንደበት በየን መጺ ከይፈልናዮ ካብ ገዝኡ ብምውጻእ ንዓይን ንታ ሒዚያ ዝበርኩ ኩዕሶ ቐርቀብ ኣቢሉ ምስ ሓዘ ዝኸኽኩዎ ባዕለይ'የ ዝፈልጦ፣ ክሕዝንን ብኣውያት መርየት ከናውጻን ሓደ'ዩ ኮይኑ፡ እንተኾነ ኣይምሓረንን ብጸፍዒት ኣብ ባይታ ከም ዝሰጣሕ'ዩ ገይሩኒ፣ እታ ጸፍዒት ክሳብ ሕጂ'የ ዘይርስዓ፣ ሽው ነቦይ ከይደ ምስ



ሓጉሳ ምቁጽጻር ዝሰኣነት ኣደ

ነገርኩዎ ‘ሰቅ ጥራይ በል ኣሉ’ ተገልቢጡ ንዓይ'ዩ ክገንሓኒ ፈቲኑ፣ ኣነ ድማ ኣቦይ ፈሪሕዎ ኣሎ ብምባል ንኣለሙ ብዓይኒ ጽልኢ ክጥምቶ ጀመርኩ፣

ኣለሙ ኩሉ ግዜ ትዓዚዝን እናበለ ዝኸይድ ኮይኑ፡ ካብ ብዘረባ ብምዝራምቲ ከረድኣካ'ዩ ዝበልጾ፣ ኣለሙ ዘይብዩሉ ኣብ'ቲ ከባቢ እንተሎ ይከሰስ፣ ብዘይካ ካብ መንበሪኡ ሳልሰይቲ እትርከብ ገዛ ዘላ ጎርጎሽ ዝስማ ኢትዮጵያዊት ሰበይቲ ምስ ማንም ዝቐርብ ኣይኮነን፣ በቲ ኣብ ልዕሌና ደቂ ገዛውቱ ዝፍጽሞ ዝነበረ ግፍዒ ጥራይ፡ ኣዚና ከም ንጸልኦ'ዩ ገይሩና፣

ሓደ እዋን፡ ተኣኪብና እናተጻወትና ከለና ዝቐላዕናያ ኩዕሶ ልዳት ገዝኡ ብምትንኳፉ፡ ንሓደ ካብ መጻወትና ብእግሪ ኢዱ ስለ ዝሰበሮ፡ መጻወትና ዝተቐዝዘ ቃንዛ ካብ ዝኽርና ዝሃሰሰ ኣይነበረን፣ ንሱ ግና ዝዓጠጦ ኣይኮነን፣ ወለድና'ውን ተገዳሲም ይዛረብዎ ኣይነበሩን - ቢቃ ንጽኣፉ፡ ንቐላዕ ኸእውይ. . .!

. . . እቶም ድሕርና ተጋደልቲ ምዃኖም ዝፈለጥናዮም ክልተ ሰባት'ምበኣር፡ እናፈለዩ ሰባት ክሓቱ ድሕሪ ምጽናሖም፡ ብዓውታ ስም ኣለሙ ከቓልሑ ሰሚዕናዮም፣ ኣይጸንሐሉን ብሀንዱድ መንፈስ ካብቲ ከባቢ ብሓውሲ ዘበዝበ ተበጊሶ፣ ኩሉ ሰብ ድማ ደድሕሪኦም ሰዓበ፣ ተመራረሖም ናብ ገዛ እንዳ ኣለሙ ከኣትዉ ከለዉ ኩሉ ሰብ ኣብ ኣፍደገ ኮይኑ ይጽበዮም ነበረ፣ ኣነ ድማ ምስ ዓባይ ሓፍተይ ጎኒ ንጎኒ ብምኳን ከም ሰብና ደው ኢልና ንጽበ ነበርና፣

እቶም ክልተ ተጋደልቲ ሃንደበት ካብ'ቲ ገዛ ንሰይቲ ኣለሙ ኣምሪሖም ክወጹ ከለዉ፡ ኩሉ ሰብ ትኻኺ ይዕዘብ ነበረ፣

“መዓስ ከይዱ?” እቲ ኣዝዩ ቐጢን ተጋዳላይ ብዓውታ ንሰይቲ ኣለሙ ሓተታ።

“ቅድሚ ሰለስተ መዓልቲ መገሻ ኣሎ ኢሉ ምስ ወጸ ኣይተመልሰን” ሰይቲ ኣለሙ ድምጻ ክብ ኣቢላ ምስ መለሰት፡ ምዕባይ ሓፍተይ ኣብ ጥቓይ ዝነበረት ብሕርቓን “ዓሕ! እዝስ ክትሓዝ ነይርዎ!” ብምባል ኣድመጸት፣ ኩሉ ኣብ'ቲ ቦታ ዝነበረ ብሕርቓን ኣጕረምረመ፣

“ኢታ!? ኢታ!? ቅድሚ ሕጂ ብኣለሙ ኢዱ ተሰይሩ ዝነበረ ሄኖክ፡ ኢድ ተጋዳላይ እናሰሓበ ኣዕለበጠ።

“ኢሂ ማንጁስ?” ተጋዳላይ ንታሕቲ ብምቝናዕ ጠመቶ።

“ኣብ ኣቢ. . . ቲ. ቲ.” ሄኖክ ኢዱ እናመልከተ ብድኹም ደምጺ ኣድመጸ።

“እንታይ'ዩ ማንጁስ?” እቲ ካልኣይ ተጋዳላይ ኣቓልቦ ገበረሉ፣

“ኢ. . ለለሙ. . .” ደጊሙ ብኢዱ ሓበረ።

“ንዓም ማንጁሲ. . .” እቲ ድሒሩ ዝሓተተ ተጋዳላይ፡ ትሒቱ ኮፍ ብምባል ክዛረቦ ጀመረ።

“ኣበይ ኣሎ ኣለሙ?” ትሕትና ሓዊሱ ተዛረቦ፣

“ኣብ'ቲ!” ኣብ'ታ ኣለሙ ዝኣትዋ ዝነበረ ሓንቲ ከም ሓሙስ ኢትዮጵያዊት ሰበይቲ ሓበረ፣

“ወደሊይ ኣንታ ኣብታ ዝኣትዋ ዝነበረ ገዛየ ዝሕብር ዘሎ” ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበረ ህዝቢ ብሓባር ኣድመጸ፣

“ወደሊይ ሓቁ!” እንደገና ሓብራዊ ደምጺ ተቓልሐ፣ ኩሉ ሰብ ድማ ተመራረሑ ነቶም ተጋደልቲ ኣኸቲሉ እናተጸቓቐጠ ናብታ ገዛ ኣተወ፣ ቦታ ዘይረኸበ ድማ ብሃንቀውታ ኣብ ደገ ኮይኑ ክጽበ ጀመረ፣

“ኣበይ ኣሎ እቲ ቁልዓ!?” እቲ ቐጢን ተጋዳላይ ንኣለሙ ስኢንዎ ምስ ወጸ ንዝሓለፈ ቁልዓ ንምርካብ ካብ'ቲ ገዛ ወጺ፣ ንኣለሙ ከም ዘይረኸቦ ካብ ምንቅስቓሱ ዝስተብሃለ ድማ ብሕርቓን ኣማረረ፣

“ሃዲሙ'ዩ ሃዲሙ! ከመይ ሸይጣን ድዩ መሲሉኩም!” ሓደ ኣቦ ኣንጸርጸሩ፣

“ንዓ'ሞ ኢታ ቁልዓ?” ተጋዳላይ ነቲ ቁልዓ ድሕሪ ምርካብ ፈልዩ ክዛረቦ ጀመረ። ኩሉ እቲ ትኣከቦ ዝነበረ ህዝቢ ድማ ብምህዳም ኣለሙ ሕርቓኑ ገለጸ፣

“ኣበይ ኢኻ ርኢኻዮ ንኣለሙ?” ቓናኡ ኣለሰልስ ኣቢሉ ተወከሶ።

“ኣብ'ቲ!” ናብ ልዕሊ ናሕሲ ናይታ ኢትዮጵያዊት ሰበይቲ ኣመልከተ፣

“እሂ!” እቲ ተጋዳላይ መልሱ ከይተጸበየ፡ ነቲ ሰብ ፋሕ ከም ዝበል ጌሩ፡ ንኻልኣዩ ኣኸቲሉ ናብ ናሕሲ ደየበ፣ ኣለሙ ከም ትሸይን ዘላ ሰበይቲ ተኾዲሙ ኮፍ ኢሉ ጸንሖም፣ ብሞቑሕ ኣሲሮም ከውርድዎ ከለዉ፡ ኣንስቲ ገዛውትና ብእልልታ ኣሰናየኦ። ኣለሙ ርእሱ ኣድኒኑ መላእ ኣካላቱ የንፈጥፍጥ ነበረ፣ ብፍርሒ ዝመለቖ ሽንቲ ማይ ንስረኡ ኣጠልቒዎ ነበረ። ሄኖክ ወዲ ገዛውትና ብሰንኪ ምሕባሩ በቶም ተጋደልቲ ዝተዋህቦ ንቐጽቲ ባሽኮቲ ቐንኢ ፈጠረትልና፣

“እንታዩ ኮይኑ ኣለሙ?” ንሓፍተይ ሓተትኩዋ፣

“ናጽነት'ዩ ኮይኑ፡ ደገም ኣለሙ ምጽዋት ኣይከልኣኩምን'ዩ፡ በቓ ደስ ከም ዝበለኩም ክትጻወቱ ኢኹም” በለትኒ ፍሽኽታ ኣሰንያ፣ ኣለሙ ርእሱ ኣድኒኑ ካብ'ቲ ከባቢ ምስ ከደ ደጊሙ ኣይተመለሰን፣ ትርጉም ናጽነት ድማ ምስ ምኻድ ኣለሙ ኣስተማቐርናዮ፣ ናጽነት ጸወታና ንኸነእውድ ሄኖክ ዓቢ እጃም ተጻወተ፣ ኣለሙ ወደ'ቦይ ጌታቸው ምኻዱ ጥራይ ናጽነት ኣስተማቐርና፡ ክንደይ ኣለሙ ምንባርምን ብዙሕ መሰዋእቲ ከም ተኸፍለን ግና ገርሂ ልብና ክርድኦ ግዜ'ዩ ወሲዱ፣ ድሕሪ ኣለሙ ቐሲና፡ ኣለሙ ካብና ንላዕሊ ክንደይ ግፍዒ ከም ዝፈጸመ ግና ድሒርና ኢና ፈሊጥና፣



# ገጽ ሰንበት

ህዝባዊ ርክባት ሃ.ግ.መ.ተ.ኤ

## "መስዋእቲ ግዜን ቦታን'ኳ ዘይፈሊ እንተኾነ፣ ኣብ ድሮ ናጽነት ክኾነልካ ግን ኣይትመርጽን"

### ተጋዳላይ ክፍሎም ዓይነታ (ወዲ ዓይነታ)

ተጋዳላይ ክፍሎም ዓይነታ ታእዝዝ (ወዲ ዓይነታ) ኣብ 1969'ዩ ኣብ ዓዲ ቢዮ ን/ዞ ዓረዛ ተወሊዱ። ኣብ 1974 ኣብ ጋሽ ባርካ ዕምባሪ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ብሕርሻን መጓሰን መሓብሮኦም ይመርሑ ምስ ዝነበሩ ስድርኡ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 1988 ንሜዳ ተሰሊፉ። ወዲ ዓይነታ ድሕሪ ታዕሊም ኣብ ክፍለ ሰራዊት 85 ብርጌድ 18 2ይ ቦጦሎኒ ተመዲቡ ኣብል ተዋጊኡ ሰራዊት ብምኻን ኣብ ዝተፈላለየ ውግኣት ተሳቲፉ። ምስኡ ዝገበርናዮ ዕላል ደሰዕቡ።

*ንሜዳ ክትሰለፍ ዘደረኸካ ምኽንያት እንታይ ነይሩ?

- ካብ ዕምባሪ'የ ተሰሊፈ ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዕድመይ 17 ዓመት ኣብሉ'ዩ ነይሩ። ካብ 1977 ክሳብ 1982 ኣብቲ ዝነበርናሉ ከባቢ፣ ውግእ ሓድሕድ ዝተፈደሉ ዝነበረ ብምኻኑ እቲ ጽልዋ ካብቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ'ዩ ክሓድረኒ ጀሚሩ። ብዘይካኡ'ውን ሰራዊት ደርግ ኣብ ከባቢና ግፍዕታት ይፍጽሙ ነይሮም። ኣብቲ ወሸጢ ዓዲ ንጹሃት ዜጋታት ዝሕረዱሉን ዝርሸኑሉን ዝነበሩሉ እዋን እዩ። እዚ ግፍዕታት'ዚ ከአ ኑቲ ዝጸንሓኒ ጽልዋ መመሊሱ ስለ ዘኾሃሮ ንሜዳ ክሰልፍ ተደሪኸ ማለት'ዩ።

* ገለ ካብቲ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ግፍዕታት ጸላኢ እትዝክሮ እንታይ ኣሎ?



- ኣብ 1986 ብቐረባ ዘዕዩተኒ ሊያ ዝተባህለት ቆሞና ሰይቲ ሓወቦይ፣ ዝኾነ በደል ዘይብላ ኣብ ገዛኣ እንከላ ብሰራዊት ጸላኢ ተረሺና ። ንሳ ጥራይ'ውን ዘይኮነት ከባቢ 16 ዝኾኑ ካልኦት ንጹሃት ዜጋታት'ውን ተረሺኖም። እቲ ዝበርመካ ግን ክልተ ደቂ'ዛ ዝጠቐስኩልካ ብጸላኢ ዝተረሸነት ሰይቲ ሓወቦይ፣ ተስፋጋብር ገ/ማርያምን፣ ጸጋ ሚካኤል ገ/ማርያም ዝተባህሉ፣ ድሕሪ ምርሻን ኣዲኦም ብኡ ንብኡ ንሜዳ ተሰለፎም ክልቲኦም ከአ ተሰዊኦም።

* በየን ኣቢልካ ኢኻ ንሜዳ ተሰሊፍካ በየንኻ ዲኻ ወደሰ ብዑት ነይርምኻ?

- ካብ ዕምባሪ ብዝሰሄይ ኣብለ ግርማይካ ሓሊፍና ቀጣን ናብ ዝተባህለ መደበር ታዕሊም ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፈ። ይዝከረኒ ኻብዩይ ርእሰይ እየ ነይረ፣ እቲ ገዕዞ ብሊይቲ'ዩ ነይሩ። ልዑል ጥንቃቐ እናገበርካ ኢኻ ትግዕዞ ። ኣብ መገዲ ሽውዓተ መዓልቲ ኢና ገርና ዘይውዳእ መገዲ በርኻ'ዩ። ኣብ ግርማይካ ምስ በጻሕና ኣባላት ጀማሂር'ዮም ተቐቢሎምና። ብሊይቲ ማርቸደስ መጺኦን ከአ ንዝራ ወሲደናና።

*ድሕሪኡ'ኸ?

- ድሕሪኡ ኣብ ቀጣን ናይ ሰለስተ ወርሒ ታዕሊምን ወታሃደራዊ ትምህርቲን ድሕሪ ምቕሳም ናብ ሓይልታት ተወዚዕና ፡ ኣነ እንዳ 85 ተመዲበ ። እንዳ 85 ክውሃበ ከኣ'የ ዝበህግ ነይረ።

*እንታይ'ዩ'ቲ ምኽንያት?

ምኽንያቱ እንዳ 85 በቲ ዝነበርናሉ ከባቢ የጥቅዑ ስለ ዝበሩ ተፈላጥነት ነይሩምም'ዩ ። ንቶም ኣብ ዕምባሪ ግፍዕታት ዝፍጽሙ ዝበሩ ሰራዊት ደርግ ዘደምሰሶዮም'ውን እዛ ክፍለ ሰራዊት'ያ ነይራ። በዚ ከኣ'የ ምስኣ ኣሃዱ ክጽንበር ተደሪኸ ። ገዲም ተጋዳላይ ገረዝጊሄር ዓንደማርያም ውጩ'ውን ኣዚዚ ናይ'ቲ ክፋለ ሰራዊትዩ ነይሩ። በቲ ዝበሮ ተባዕ ሓርበኛዊ ባህርዩ ከአ እምስጦን ከም ኡ ንክኸውንን እብህግ ነይረ። ክሳብ መወዳእታ ናጽነት'ውን ካብኡ ኣይተፈለኹን።

* ሓፈሻዊ ህይወት ገድሊ'ሞ ከመይ ጸኒሑካ?

- ኣብቲ መጀመርያ ብመንጽር ዕድመ ክትርእዮ ከለኻ ናፍቖት ናይ ስድራ ክህሉ ግንድ'ዩ። ምስ ግዜ ግን ከም'ቶም ብጾትካ ክትመስል ስለ እትግደድ ክልመድ ባህርያዊ ይኸውን ማለት'ዩ።

* ንሜዳ ቅድሚ ምስላፍካ ዝቐሰምካዮ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ነይሩ'ዶ?

- ኣይነበረን። ኣብ ሜዳ ምስ ተሰለፍኩ ሕጸር ሕጸር ዝበለ ትምህርቲ ጀሚረ፣ ኣብ ወርሒ'ዩ ዝውዳእ ዝበረ። (ሱሓቕ) ክልተ ወርሒ ኣብ ቀዳማይ ክፋሊ ተማሂርካ ኩናት እንተመጺኡ ናብ ካልኣይ ክፍሊ ትሓልፍ ብኸምዚ ክሳብ ናጽነት ዝኸውን ማለት'ዩ ሳልሳይ ክፍሊ በጺሐ ከንብበን ክጽሕፍን በቒዐ።

* ኣብቲ ዝተመደብካዮ ኣሃዱ ንኽንደይ እዋን ጸኒሕካ?

- ናብ ኣሃዱታት ዝተወዘዕናሉ እዋን ግንባር ከረን ከባቢ ሩራ መንሳዕ ብተደጋጋሚ ኩናት ይካየድ ስለ ዝበረ ፡ ዳርጋ ኣይጸናሕናን ኣብኡ ተሳቲፍና ኢና። ድሕሪ ታዕሊምስ ኣይጸናሕናን ናብ ኩናት ኢና ኣቲና። ኣብቲ እዋን'ቲ ክቱር ናይ ምውጋእ ድሌት'ዩ ነይሩና። ብፍተይ ወገን ክዝረብ እንተኾይኑ ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩልካ ኣብቲ ከባቢና ጸላኢ ዝፍጽሞ ዝበረ ግፍዕታት ወግሐ ጸብሐ ይቐጽሎ ስለ ዝበረ፣ ጸላኢስ ክጠፍእ ኣለዎ ዝብል ኒሕ'ዩ ነይሩና።

*ኣብ ክንደይ ውግኣት ተሳቲፍካ ኣለኻ?

- ክንደይ'ሞ ክትብሎ ኢኻ፣ ቀጻሊ ኳሕ ምባል ኣሎ። ምስ ዓረድካ ቀጻሊ ወፍሪ ጸላኢ'ዩ ዘጋጥመካ፣ ኣብቲ ዝካየድ ዝበረ ውግኣት ከኣ ሸዱሽተ ግዜ ከበድን ቀሊልን መውጋእቲ ኣጋጢሙኒ'ሎ። ኣብ 1988 ኣብ ሮራ መንሳዕ ሰለስተ ግዜ ፡ ኣብ ሚያዝያ 1989 ኣብ እንሺ ዓንምባ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ኣብ ከብደይ ተሃሪመ ፡ ብዘይካኡ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ኣብ ዓይነይ ናይ ስኩጆ ማህረምቲ ኣጋጢሙኒ፣ ኣብ 1991 ቅድሚ ናጽነት ኣብ ዓሰብ ወፍሪ ደንከል ከባቢ በየሉል ንኽልተ ወርሒ ኣብ ዝወሰደ መጥቃዕቲ ናይ ብርኪ ማህረምቲ ኣጋጢሙኒ እዚ ካብ'ዚ ኣብ ነብሰይ ዝፍለጠ ማለት'ዩ።

*ካብ'ዞም ዝጠቐስካዮም ውግኣት እታ ዝጸንከረት ትብላ ኣየነይቲ'ያ?

- ዘይጸንከረ ዝበሃል ኩናት'ኳ እንተዘይሃለወ ካብኡ ናብኡ ግን እቲ ዝጸንከረ ኩናት ኣብ ደንከል ከባቢ ጠያ ፊዲ ፡ በርዓሶ፣ ኣፋምቦ፣ በየሉል ዝተኻየደ ኩናት'ዩ ነይሩ። እቲ ኩናት ካብቲ ካልእ ዝፈልዮን ጸንከር ዝገብሮን እቲ ተፈጥሮኣዊን ባህርያዊን ኣቀማምጣ መሬትን ኩነታት ኣየርን'ዩ። እዋኑ ወርሒ ሚያዝያ ስለ ዝበረ ብርቱዕ ሃሩር ዝበረሉ'ዩ። ማይ ዝበሃል ኣይነበረን። ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ሰንበት ጸግዒ ናጽነት 25 ግንቦት'ዩ እቲ መጥቃዕቲ ተኻይዱ። ኣጋጣሚ ደማ ልክዕ ኣብ'ዛ ዕለት'ዚኦ ምኻኑ'ዩ። ኣብቲ እዋን'ዚ ድሮ ኣስመራ ሓራ ኮይና፣ ሓርነት መላእ ኤርትራ ተበሲሩሉ።

* ኣብቲ እዋን'ቲ ዝበረ ወኒ ተጋዳላይ ከመይ ነይሩ?

- እቲ ወኒ መዳርግቲ ኣይነበሮን። ናይ መዛዘሚ ኩናት ምኻኑ ከኣ ንፍስ ተጋዳላይ ንጹር'ዩ ነይሩ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ ብጅግንነት ንቕድሚት ምምራሽ ጥራይ'ዩ። ንኣብነት ኣብቲ እዋን'ቲ ዝተሰውኡ ጀጋኑ ከም በጻል መንደር፣ ሄኖክ፣ በለናይ ፡ ዳዊት ፡ ዘሩፋኤል ካልኦትን እዝከር። ገለ ካብኦም እቶም ሰለስተ መሬሕቲ ጋንታታት'ዮም ዝበሩ'ዮም። እዚኦቶም ጥይት ትቐትል ዘይመስሎም'ዮም። ምስ ተሰውኡ ድሕሪ ገለ ሰዓታት'ያ ናጽነት መጺኣ። መስዋእቲ ግዜን ቦታን'ኳ ዘይፈሊ እንተኾነስ ሓቂ ይሓይሽ ኣብ ድሮ ናጽነት ክኾነልካ ግን ኣይትመርጽን ኢኻ። ብፍላይ ኣነ ክሳዕ ንሶኻ ጸናሕ እናበሉ መዋእሎም ኣብ ገድሊ ከርተት ዝበሉ ጉዳይም ተጋደልቲ ኣብ ድሮ ናጽነት ክሰውኡ እንክለዉ ናይ ብሓቂ የገህዮ። ግን ከአ ክትዕወት እንተኾይንካ ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ጥይት ክትተኩስ ስለ ዘለካ እታ ጥይት ከአ ወይ ክትቀትለካ ኢኻ ወይ ክትሰውኣካ ግድን ስለዝኾነ ከአ ህይወት ክትከፍል ትግደድ ማለት'ዩ። ብኣንጻሩ ከኣ ሽዑ ተሰሊፎም ትዕልም ኣብሎም ኣብ'ታ ናይ መጀመርያ ኩናት'ውን ዝሰውኡ ኣለዉ። ባህሪ ህይወት ግድሊ ከምኡ ስለዝኾነ ግን ክትቅበሎ ትግደድ።

*ኣስመራ ሓራ ከም ዝወጸት መኣስ ፈሊጥኩም?

ቀዳም ከባቢ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ኢና ሰሚዕና። ዳርጋ ልዕሊ 24 ሰዓታት ደንጊና ኢና ሰሚዕና። እቶም ሓለፍቲ ኣብ እዋኑ ክፈልጡ ግድን'ዩ። ጸላኢ'ኮ ምኻኑ'ዩ ነይሩ። ከምዛ ሎሚ መዓልቲ ሰንበት 25 ግንቦት ወጋሕታ ኣብቲ' ደፋዕ ጸላኢ ክስላኸል ይፍትን ነይሩ። ንሕና ከኣ ኑታ ዘይተዋመተን ካልኦት ከተማታት ብተጋደልቲ ተረጊጸ ዘይትፈልጥ ዓሰብ ክንቆጻጸር ክኢልና። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣዚዚ ግንባር ዓሰብ ዝበረ ጀነራልሰራዊት ራሕራሑም ንጅብቲ'ዩ ሃዲሙ እቲ ውግእ ግን ይቐጽል ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ፋሕ ፋሕ ኢሉም ተብታቲናም ዓሰብ ሓራ ኮይና።

*ኣጋጣሚ ኣብ ሎሚ ኮይና ልክዕ ከምዛ ሎሚ መዓልቲ ዕለትን ወርሕን ዝተፈጸመ ታሪኽ ኢና ንዝክር ዘሎና። ዓሰብሞ ከመይ ጸኒሓትኩም?

- ከም'ዚ ዝበልካዮ ልክዕ ከምዛ ሎሚ መዓልቲ ዕለትን ወርሕን ኢና ንዓሰብ ተቖጻጺርናያ። እቲ እዋን መኸተምታ መግቢእቲን ናይ መወዳእታ ኩናት ንሓርነትን ስለ ዝበረ፣ ህዝቢ ዓሰብ ብዓቢ ሓጎስ እዩ ተቐቢሉና። ብወገና ዝተሰምዓና ሓጎስ ደረትን መዳርግትን ክህልዎ ኣይክእልን'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ድኻም ጽምኢን ጥሜትን ክህሉ ባህርያዊ'ኳ እንተነበረ ብክቱር ሓጎስ ፍጹም ኣይተሰምዓናን ክበሎካ እኽእል። ሽውሃትና ብሓጎስ ዓገበ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩልካ ግን መዋእሎም "ሓንቲ መዓልቲ'ላ" እናበሉ ብዝተሰዉ ተቓልሶም ከብቅዑ ፡ ብርሃን ናጽነት ከይረኣዩ ምስውኦም ቅር ይብለካ ።

*ኣብ ዓሰብ ክንደይ ጸኒሕኩም?

- ንሽዱሽተ ወርሒ ኣብሉ ጸኒሕና። ኑታ ርእሰ ከተማና ዝኾነት ኣስመራ ከይረኣናያ ማለት'ዩ። ክሳብ ክንድኡ ዘጸንሓና ከአ ዓሰብ ኣፍደገ ባሕሪ ከም ምኻኑ መጠን ጥቡቕ ሓለዋን ምቁጽጻርን ስለ ዘድልዩ'ዩ። ስትራተጅያዊ ናይ ባሕሪ ዝርጋሐ ዘለዎ ዶብ'ውን ስለ ዝኾነ ፡ ማንም ከይኣትወካ ከአ ማዕጾኻ ክትዓጽውን ከተውሕስን ክትክእል ኣሎካ። ማዕጾ ጋህ ኣቢልካ እንተሓዲግካዮ ንሓደጋ ክትቃላዕን ንሳሳ ዓመት ዝተቓለስካሉ ዕላማን'ውን ከንቱ ክኸውን ስለዝኽእል እዩ።

*ድሕሪኡ'ኸ?

- ድሕሪኡ ኣባላት ክ/ሰራዊት 5.25 (ኮማንዶ) ናብ ከባቢ ኣስመራ መጺእና ኑታ ሓራ ካብ እትወጽእ ኣዋርሕ ዘቑጸረት ኣስመራ ክንርኢያ በቒዕና።

*እዛ 5.25 ግን እንታይ'ያ ተመልክት ብዙሕ ሰብ ዝርድኣ'ውን ኣይመስለንን?

*ሓቅ'ኻ እቶም ብቐረባ ኣብኡ ዝበሩን ገለ ሓበሬታው ዘለዎምን እንተዘይኮይኑ ብዙሕ ሰብ ዝፈልጣ ኣይመስለንን ፡ብዝኾነ 5.25 (ኣሃዱ ኮማንዶ) ንወርሕን ዕለትን መዓልቲ ናጽነት'ያ እተመልክት ። እታ ሓሙሽተ ንወርሒ ግንቦት እታ 25 ከኣ ዓሰብ ሓራ ዝወጸትሉ ዕለት ማለት'ዩ።

- ካብኡ'ኸ ናበይ ኣብልኩም?

-ድሕሪኡ ሬፈረንደም ኣርከቡ ብጥርኑፍ ንናቕፋ ተመዲብና። ኣብ 1998 ወራር ወያነ ምስ ኣጋጠመ፣ ኣብ ግንባር መረብ ሰቲት ዓሪድና። ካብ 2007 ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣብ ቤ/ጽ ምዕራባዊ እዚ ኣለኹ። ብሰንኪ ዘጋጠመኒ መውጋእቲ ግን ተመሓላሲ'የ ዘለኹ።

*ኩነታት ውልቃዊ መነባብሮኻ ከተዕልለና?

- ኣነ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ወሉዳትን'የ ። በዓልቲ ቤተይ ተጋ. ሉችያ ኢያሱ'ያ ትበሃል ። ደቀይ ድማ ቴድሮስ ፡ ሓበን ፡ልዋም ፡ ሰም፣ ሄራርን ሩፋኤልን ይብሃሉ።

* ጌና ካብ ክሊ ዕድመ ንእስነት ኣይረሓቕካን፣ ብምኽንያት በዓል 23 ዓመት ናጽነት ብፍላይ ንመንእሰያት እንታይ ክትብሎም ምደለኻ?

- መጀመርያ እንቋዕ ነዚ ዕዙዝን ታሪኻዊን በዓል ንምጽንባል ኣብቅዓና እብሎም። ኣሰዒብ መንእሰያትናኳ ምኽሪን ማዕዳን ዘድልዮም ኣይኮነን ኣብ ሓለዋን ህንጸት ሃገርን ተዋፊሮም ህዝቢን መንግስትን ዘለዎም ሓላፍነት ኣብ ምብርካት ስለዝርከቡ ኣጆኹም በርትዑ ከምቲ ቴማ መበል 23 ዓመት ናጽነት ዝእምቶ "ንርህው ጸባሕ ሎሚ ንስራሕ" ጥራይ'የ ክብሎም ዝደሊ ። ደጊመ ርሑስ በዓል ናጽነት እብሎም።

*የቐንየልና ወዲ ዓይነታ፣

- ኣነ'ውን ኣመስግን።



# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

ተስፋይ ዑቕባይ

# ገዳይም ኣልታሕሪር - ኣብ ዕለተ ዝኽሪ ምሕራር

ኤርትራዊ ፕሮፈሽናል እንተዘከርካ ብቐዳምነት ኣፍሰሃ የውሃንስ ዘሚካኤል (ጆን) ይቕጸሎ። ጆን እንተዘከርካ ነፍ/ር ኤፍሬም ማሰ (ወደ ኣልሚ) ተሰዕቦ። ክልቲኦም እናበልካ ኑፆም ዛብርም ተጻወትቲ ጋንታ ኣልታሕሪር (ፖሊስ) ትዝክር። ኣልታሕሪር ክትሰም ከሎ ከኣ ንዕለተ ምሕራር (ናጽነት) እተንጸባርቕ ስም ብምኳና ንምሕራር መላእ ሃገርና ትዝክር።

ዓርቢ 23 ግንቦት ደሮ ናይዛ ትማሊ ብኽብሪን ብወግዕን ዘጃንበልናያ ዕለት'ዩ። ቀዳሞት ተጻወትቲ ጋንታ ኣልታሕሪር ማለት፣ ካብ ስብዓታት ክሳብ ሎሚ ዝጻወቱ ዘለዉ ኣብ ቅርዓት መንበሪ ቤት ገዲም ተጻዋታይ'ታ ጋንታ ኣለም ረዳ (ኣለም ዳንጋ) ሓቢሮም ነበሩ። ብዓብን ምዕሩግን ኣገባብ ዝተሓትመ ኣሳእል ገዲይም ተጻወትቲ ኣልታሕሪርን ናይ ኣፍሰሃ የውሃንስ ዘሚካኤል (ጆን)ን ኣፍሰሃ ኤፍሬም ማሰ (ወደ ኣልሚ)ን ብኣርማ ጋንታ ኣልታሕሪር ተሰኒዩ ኣብቲ መጽሊ ዳስ ብኽብሪ ተሰቒሉ ይርአ።

ኑቲ ኣሳእል ናይ'ዞም ክልተ ብሉጻት ዝነበሩ ተጻወትቲ ምስ ርኣኻ፣ ንድሕሪት ተመሊስካ እተሰተንትኖ ዝኽርታት ኣሎ። ምልክት ጸወታ ገዲይም ተጻወትቲ ጋንታ ኣልታሕሪር፣ ብፍላይ ድማ ናይ ጆንን ወደ ኣልሚን ከኣ ገለ ካብኡ'ዩ።

ጆን፣ ካብ ፍርቂ ሜዳ "ኣነ" ንዝበሉ ኣከፋፈልትን ተኸላኸልትን ፈናጺጉ ሹቶ ከመዝምዝብ እንከሎ፣ ዝወሃቦ ዝነበረ ምውቕ ግብረ መልሲ ናይ ተዓዘብቲ ናይ ቀረባ ተዘክሮ'ዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ወረስቲን ኣወረስቲን ኣልታሕሪር፣ ስድራ ቤት ኣፍሰሃ የውሃንስ ጆንን ኣፍሰሃ ኤፍሬም ወደ ኣልሚን ሓቢርም ኣብቲ ኣጋጣሚ ንበዓል ናጽነት ኩብዕሉ ክትርኢ ከሎካ ንወደብቱ ተመጉሱ።

ኣብ ክሉብ ኣልታሕሪር ገዲም ተጻዋታይ ናይ ሎሚ ድማ ናይ ክሉብ ኣልታሕሪር ቴክኒክ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ ኣብርሃም ኣስመላሽ (ላፋ) ኣብ'ቲ ናይ ዝኽሪ ኣጋጣሚ ሓደ ካብ'ቶም ምዕሩግ ናይ በዓል ኩናን (ቢድላ) ወደዮም ሳዕልን ታሕትን ዝበሉ ዝበሩ እዩ። ንሱ፡- "ስፖርት ፍቕሪ እዩ፣ ስፖርት ሓድነት እዩ፣ ንጋንታኻን ንጠንቀራኻን ስለ እትሰልፍ። ስፖርት ሃገራውነት'ውን እዩ። ካብ ዝዓበየ ክሳብ ዝሕሰ ሓቢርና ክንጎዓዝ ዘኽእለና ከኣ ፍቕሪ'ዩ። ሓይሊ ኮይኑ ክሳብ ሎሚ ዘዳዕዘና ድማ ሓድነትና እዩ። እዚ ወህሉል ተመኩሮ ድማ በብዘለና ዓቕሚ ንግዚብ እናዋጻእና ብጥርኑፍ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደሮ ዕለተ ናጽነት እኽለ ማይን ካልእን ኣዳሊና ንምምዕራጋ ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ ምድላዋት ገይርና ጺሒፍና" ይብል።

ኣብ'ቲ ዕለት ነፍሲ ወከፍ ኣባል እታ ክሉብ ንድሕሪት ተመሊሱ ናይ 1990ታት ዕላል ስፖርት የዕልል። ምስ'ቶም ብኣካል እምበር ብመንፈስ ዘይተፈልዮም ጆንን ወደ ኣልሚን ዘሕለፍዎ ኣጋጣሚታት ዘከርም ወኻዕ ክብሉ እንከለዉ፣ ስእሊ'ቶም ዛብርም ኣፍ ኣውጺኡ ዝዛረብ ወይ ዘዕልል ዘሎ ኮይኑ ይስመዓካ፣ ኣብ'ቲ ናይ ናጽነት ጓይላ ምስ መዛናእም፣ ፈተውቶም፣ መጓይይቶም ዘኾዱዱን ዘሰምሩን ኮይኖም ደርኣዩኻ። ሽዑ ዝኽርን ሓጎስን ይተሓወሰካ። ሓይሎም ድማ ኑፆም ኑኣሽቱ ተጻወትቲ ጋንታ ኣልታሕሪር ንኽብርትዑ ክድርኾም ትጸቢ።

ድልዱል ኑበስ ኣካላት ዝነበሮ ብዓንጋ ዝፍለጥ ዝነበረ ገዲም ተጻዋታይ ኣልታሕሪር ኣለም ረዳ፣ ጸንበል በዓል ናጽነት ኣብ ገዛኡ ካብ ዘእንግዶ 6 ዓመቱ'ዩ። ንሻድሻይ ዓመት ኣብ ገዛኡ ዝበዓል ጸንበል ናጽነት ተጻወትቲ ጋንታ ኣልታሕሪር ነበር ኣብ ቤቱ ከእንግዶ እንከሎ እንታይ'ዩ ደሪኽዎ? እንታይ ባህታ'ኸ ይፈጥረሉ? "ክበርመካ፣ ቀንዲ ተዋሳኣይ ናይ'ዚ ጉዳይ ብዓበኡ እኳ ኩሉ ኣባል እንተኾነ፣ ኣሓተይ ግን፣ ከም ዓቢ ሃይማኖታዊ ጸበል (ውራይ) ዝግበር'የን ዛ ዕለት ዘጸብያኣ። ልዕሊይ ድማ ተዓጢቓን ጉልበተን ኪዕበቓ ክወፍያላ ይዳለዋ። እዚ ሞራልን ድሌትን ገዛና ድማ ኩሉ ኣባል ጋንታ ኣልታሕሪር ኣብ ቤትና ክውዕል እንከሎ፣ ባህታ ስለ ዝፈጥረሎም'ዩ ኣብዚ ክበዓል ዝደልዩ። ኣብ ካልእ ማእከላት መዘናግዒ ክበዕልዎ ይኽእሉ እዮም። ስድራቤታዊ ህይወት ግን ይኀድሎ እዩ፣ ደሓር ከኣ ካብዚ ዝዓቢ ህይወት የለን። ምስ መዛናኽ ምስ ትፈትዎን ተፍቅራን ክሉብ ኮንካ ንኽብርቲ ዕለት ናጽነት ምብዓል ኣዝዩ ባህ ዘብል እዩ፣ ካብኡ ዝዓቢ ጸጋ ድማ የለን።" ብምባል ካልኦት ክሉባት ነዚ ከም ድሕሪ ባይታ ተጠቒመን ክሰዕባኦ ኣዘኻኺሩ።

ኣባላት ክሉብ ኣልታሕሪር ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ ማለት ኣብ ካልኦት ጋንታታት ዋላ ይሰለፉ፣ ኣብ ሰንበት - ሰንበት ዝጉብርዎ ጸወታ ናይ ጥዕናን ኣብዚ ዝተጠቕሰ ረዚን በዓልን ካብ ክለቦም ኣይፍለዩን እዮም።





ነፍ/ር የውሃንስ ዘሚካኤል

# ላምፓርድ - ላምፓዲና ቸልሲ

20 ሰነ 1978 እዩ ኣብ እንግሊዝ ተወሊዱ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ብቐንዱ ናይ ቸልሲ ማእከላይ ኣከፋፋሊ፣ ምኽትል ሓለቓ ጋንታን መሪሕ ኣመዝጋቢ ሹቶን ክኸውን ከሎ፣ ምስ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝን'ውን ዝጻወት ምኩር፣ ትኩር፣ ሓያልን ጥበበኛን እንግሊዛዊ ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ'ዩ - ፍራንክ ጀምስ ላምፓርድ።

ላምፓርድ ወዲ 16 ዓመት ኮይኑ ምስ ኮተቴ ኣብ 1994 እዩ ኣሰርቲ ተመሃራይ ከሎ እምብዛ ዘድንቕ ዝነበረ ናይ ዌስት ሃም ኣጥቃዓይ ፍራንክ ማካቨኒ ብምኽታል ምስ ናይ ቀደም ናይ ኣቦኡ ክሉብ ዝነበረት ዌስትሃም ዩናይትድ ንጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከም ሞያ ኣሃዱ ኢሉ ጀሚሩዎ።

እዚ ካብ ናይ እንግሊዝ ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ካብቶም ኣብ ዓለም ኣለዉ ዝበሃሉ ብሉጻት ኣከፋፈልቲ ሓደ ከም ዝኾነ ዝነገረሉ ላምፓርድ፣ ገና ሓድሽን ንእሹቶን ተጻዋታይ ከሎ ንዌስትሃም ኣብ ፕሪምየር ሊግ 5ይ ደረጃ ክትሰርዕ ኣኽኢሉ ድማ'ዩ ኣብ 2001 ብ11 ሚልዮን ፓውንድ ናብ መወዳደርታ ዘኾነት ለንደናዊት ክሉብ ቸልሲ ዝዋዓዘ።

ምስ ቸልሲ ምስተጸንበረ ኣብ ወቕታዊ ውድድር 2009 - 2010 ባዕሉ 22 ሹቶታት ብምምዝጋብን ካልኦት 17 ኣብ ሰኪዖት ክዓርፉ ንብጾቱ ብምሕጋዝን ንቸልሲ ናይ መጀመርታ ናይ ሊግን ኤፍኤን ደርብ ዋንጫ ክትወንንን ከበቅዓ ክኢሉ።

ኣብ 2012 ሕጂ'ውን ንቸልሲ ፈለማያ ኣኽሊል ዓወት ሊግ ሻምፕዮናት UEFA ፣ ካብኡ ዓመት ጸኒሓ'ውን ከምኡ ንመጀመርታ ግዜኣ መዓርግ ሊግ ኤውሮጳ ( UEFA Europa League title ) ክትረክብ ኣኽኢሉ።

ንሰለስተ እዋናት ኮኾብ ተጻዋታይ ቸልሲ ኮይኑ ክብርን ሽልማትን ዝተጎናጸፈ ላምፓርድ፣ ኣብ 2005 እውን ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ቲ ዓመት (FWA Footballer of the Year) ኮይኑ ክሽለም ከሎ ኣብ ናይ ፊፋ ዓመታዊ ናይ ዓለም ኣብልጽ ተጻዋታይን ባሎን ዲ ኦርን እውን ካልኣይ ደረጃ ብምሓዙ፣ ኣብ 2010 ናይ ኤፍዳብሊው ኤ ሽልማት (FWA Tribute Award) ዓተረ።


ቸልሲ ንዮተኘዖም ሆትሲፓር 3-ብ1 ኣብ ዝተሳዕረትሉ ግጥም ብዘርኣዮ ድንቂ ጸወታ ናይ'ቲ ወቕቲ ብሉጽ ተጻዋታይ፣ ጸኒሑ'ውን ናይ'ቲ ዓመት ናይ ዩኢኤፍኤ ኮኾብ ተጻዋታይ ማእከል ሜዳ (UEFA Club Midfielder of the Year) ተሰይሙ።

ኣብ ክረምቲ 2008 ዝኸበረ ተጻዋታይ ፕሪምየር ሊግ ብምኳኑ ብ39.2 ሚልዮን ፓውንድ ንዝቐጽል ሓሙሽተ ዓመታት ምስ ቸልሲ ዘጸንሖ ሓዲሽ ውዕል ድሕሪ ምኽታም ከኣ፣ ኣብ 2008 – 09 ኣንጻር ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ዝተጋበረ ግጥም ኣብ ናይ ክሉብ ህይወቱ መበል 150 ሹቶ ኣመዝጊቡ።

ብኣደናቒን ሜላ ዘለዎን ቅልጽቲ ዝያዳ ዝልለ ላምፓርድ፣ ኣብ ጥቅምቲ 2008 ካብ ነዊሕ ርሕቀት ብዓኼላይ እግሩ ብምቅላዕ ኣብ ሰኪዖት ሃል ሲቲ ዘዕረፉ ንሓላው ልዳት ዘዕሸወት ኣገራሚት ሹቶ ምሐር ዝተማስጠ ኣሰልጣኒ ብራዚል ፍሊፕ ስኮላሪ "ኣብ ህይወተይ ዝርኣኹዋ ጽብቕቲ ሹቶ'ያ። ከም ላምፓርድ ዝኣመሰለ በሊሕ ሰብ ጥራይ ድማ'ዩ ከምኣ ሹቶ ከመዝግብ ዝኽእል" ብምባል ኣብ ላምፓርድ ዘለዎ ልዑል ኣድናቖት ገሊጹ።

ገለ ካብ ዓወታት ላምፓርድ ንምጥቃስ - ኣብ ጥቅምቲ 2008 ን3ይ ግዜ ናይ'ታ ወርሒ ኮኾብ ፕሪምየር ሊግ፣ ብዝተመሳሰለ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዓመት ንሳልሳይ እዋን ናይ'ቲ ዓመት ኣብላጺ ቸልሲ፣ ኣብ 2009 ብዘይ ምቁራጽ ን6ይ ግዜኡ ንናይ ፊፋ ብሉጽ ናይ ዓመት ተጻዋታይ ተረቒሒሑ።

ላምፓርድ ብደረጃ ዓለምለኻዊ ጸወታ'ውን ሓደ ካብቶም እንግሊዝ እትኾርዓሎም'ዩ። ኣብ ጥቅምቲ 1999 ምስ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ምጽዋት ካብ ዝጀመረ ልዕሊ ሚእቲ ግዜያት ምስኣቶም ቀዳሞት ዝተሓረየን ዝተሳተፈን'ሞ 29 ዝኣኸሉ ኣህጉራውያን ሹቶታት ዘመዝገበ ኮይኑ ኣብ 2004ን 2005ን ናይ እንግሊዝ ኮኾብ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሸሊሙ'ዩ።



እንግሊዝ ንፓራጓይ ኣብ ዝሰዓረትሉ ናይ'ቲ ግጥም ዝበለጸ ተጻዋታይ፣ ኣብ 2014 ኣንጻር ሞልዶቫን ዩክረይንን ኣብ ዝተገበረ ጸወታታት መበል 25ን 26ን ኣህጉራዊ ሹቶ ብምምዝጋብ ናይ እንግሊዝ ዝልዓለ ኣመዝጋቢ ሹቶ ኮይኑ ተሸሊሙ።

ብኻልእ መዳይ ላምፓርድ ኣብ መንጎ 1989 ን 1994 ን ኣብ ቤት ትምህርቲ ብረንትውድ ተማሂሩ "ኤ" ዝርከቦ ብሉጽ ነጥቢ ምምዝጋቡን ይዝንቶ። ኣብ ሕቶ'ፎ ቸልሲ ምስ ኣተወ እቲ ብርያን እንግሊሽ ዝስሙ ዶክተር ናይ'ታ ክሉብ ብዝገበሮ ምርምራዊ ፈተነ ፍራንክ ላምፓርድ ልሙድ ዘይኮነ ኣዝዩ ልዑል ኣይኪው ወይ ደረጃ ብልሒ ዘለዎ ፍሉይ ሰብ ምዃኑ ክረጋገጽ ምኽኣሉ ይገልጽ።

ላምፓርድ ምቅማጡ ለንደን ኮይኑ ካብ'ታ ናይ ቀደም ሕጽይቱ ነበር ኢለን ሪቫስ ዝስማ ስጳኛዊት ናይ ሞዴል በዓልቲ ሞያ ዝወለዳ ሉናን ኢሳላን ዝበሃላ ደቂ ሸውዓተን ትሽዓተን ቁልዑ ኣለዎ።

ላምፓርድ፣ ኣብ 2013 "ትንግርታዊት ኩዕሶ እግሪ ፍራንክ" ዘርእስታ ንቖልዑ እትኸውን ተኸታታሊት መጽሓፍ ክሕትም ምስ ወክልቲ ደራሲ ሃሪ ፖተር ተወዓዒሉ ደርኩቡ። ንደቁ ጽውጽዋይ ምንባብ ከም ዘዘውትር ከኣ ይፍለጥ።


ንርህው ጽባሕ ፡ ሎሚ ንስራሕ !
فلنعمل اليوم لرفاهية الغد!
WE TOIL TODAY FOR A BRIGHT TOMORROW !
23rd
Independence Anniversary of the State of Eritrea !
Des.by Edward Araya &Taazaz Abraha